
“በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን እቲ ዘዳለዋኦ ሽቱ ሒዘን፡ ካልኦትውን ምሳታተን ኣንጊሄን ናብቲ መቓብር መጹ። እቲ እምኒ ኸኣ ካብቲ መቓብር ተገልቢጡ ረኸባኦ። ኣብኡ ኣትየን ከኣ ስጋ ጐይታና የሱስ ኣይረኸባን። ኰነ ድማ፡ ብዛዕባዚ ኺግረማ ኸለዋ፡ እንሆ፡ *ብርቕርቕ ዚብል ክዳውንቲ እተኸድኑ ኽልተ ሰብኣይ* ኣብ ቅድሚኤን ደው በሉ። *ፈሪሄን ገጸን ናብ ምድሪ ምስ* ኣድነና ኸኣ፡ ንሳቶም፡ *ንምንታይከ ነቲ ህያው ኣብ ማእከል ምዉታት ትደልያኦ ኣሎኹም፧*

***ንሱስ ተንሲኡ፡*** ኣብዚ የሎን። ነቲ ኣብ ገሊላ ኸሎ፡ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪውሀብን ኪስቀልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኺትንስእን ብግዲ እዩ፡ ኢሉ ዝነገረክን ዘክራኦ፡ በልወን።”

ሉቃ 24፡1-7

1ይ ዓመት ቁ. 4 “ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፡ ንኹሉ ሰብዉን ምድሓን ኣምጺኡ።” ቲቶ 2፡11 ሚያዝያ 2011



# ጸጋ

- *“ስለ ነገራት ዘይኮነስ ስለቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ዓብይ ምድሓን ኣምልኾና ክዓብይ ይግባእ።”*

- *ንሓዳርካ ከም ቃል ኣምላኽ ዝብሃግ ሓዳር ናይ ምግባር ሓላፍነትካ እዩ።*

## ክፍሊ ኣገልግሎት ምዝርጋሕ ካሴታትን ጽሑፋትን
## እዚ ኣገልግሎት ከም ዝህብ ትፈለጡ'ዶ፧



<u>ዝተፈላለየ</u>

- *መዛሙራትን*
- *መጽሄታትን*
- *መጽሓፍትን*

ንዝርግሕን ንሸይጥን።

<u>ብተወሳኺ</u>

- *መንፈሳዊ ትምህርታትን*
- *መንፈሳዊ ድራማታትን*

ነካሪ።

ከምኡ'ዉን *ሓደሽቲ መዛሙር ኣባዚሕና ናብ ምሉእ ካናዳ ንዝርግሕ።*

ንዘለኹም ርእይቶ ይኹን ሕቶ በዚ ተጠቂሱ ዘሎ ኢ-መይል ተወከሱና።

*gracewin777@yahoo.ca*

## ስሩዕ መደባት ፊላደልፍያ ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን ዊኒፔግ

ሰንበት ካብ 1፡30-4፡00 ድ.ቀ. ኣምልኾ

ሰኑይ ካብ 10፡00-01፡00 ምሸት ጸሎት

ቀዳም ካብ 12፡00-4፡00 ድ.ቀ. ጸሎት

ዓርቢ ካብ 6፡00-8፡00 ናይ መንእሰያት

ንተወሳኺ ሓበሬታ በዚ ተሌፎን ተወከሱና (204) 998 8750

ብድሓን ምጹ!!!

## <u>*ዕድመ ንመንእሰያት*</u>



*"ክፉእ መዓልታት ከይመጸ፡ ባህ ኣይበለንን እትብለሉ ዓመታት ከአ ኸይቀረበ ኸሎ፡ ብመዓልታት ንእስነትኻ ንፈጣሪኻ ዘክሮ።" መክ 12፡1*





*ናይ መንእሰያት መደብ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ዓርቢ፡- ካብ ሰዓት 6፡00 - 9፡00 ድ.ቀ ዝካየይ ናይ ጸሎትን መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ከምኡ'ዉን ነቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ መንእሰያት ኣብ ነንሓድሕዶም ዝዘራረብሉ፡ መደብ እዩ። ዕላምኡ ድማ መንእሰያት ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይን ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ምዝርራብን ካብኡ ብዝሓለፈ ድማ ንመንእሰያት እዛ ከተማ ብወንጌል ምብጻሕ እዩ። ስለዚ ኹሉኹም መንእሰያት ኣብዚ መደብ ክትሳተፉን እጃምኹም ከተበርክቱን ንዕድም።*

*ንተወሳኪ ሓበሬታ በዚ ተሌፎን ደዊልኹም ርከቡና*

*ሮቤል ክብርኣብ 204 417 0927 ፡ ሙሴ ነጋሽ 204 989 0172*

*እግዚኣብሄር ይባርኹም*

*ብደሓን ምጹ!!!*

---

## <u>*ዕድመ*</u>

*ንኹሎም ኤርትራዊያንን ፈተዉቲ ኤርትራን ን 7 መዓልቲ ዝጸንሕ ናይ ጾምን፡ ጸሎትን፡ ምምላድን፡ ኣምልኾን ክፍለ ግዜ ተዳልዩ ስለዘሎ፡ ኣምላኽ ንምድርና ክፍዉሳን ክባርካን ምእንቲሲ ብጸሎት ምሳና ክትሓብሩ ንዕድም።*



# ዝተማሳቐለ ሕቶ

## ንትኹል

1. እያሱ ወዲ ነዌ ቅድሚ እያሱ ምስማዩ መን ነይሩ?
2. ነብይ ሳሚኤል ዓመት ንዓመት እናዞረ ንእስራኤል ዝፈርደለን ዝነበረ ዓድታት ሓንቲ?
3. ሓንቲ ካብተን ሞኣባውያን ኣንስቲ ደቂ ኣሊሜሌክ?
4. ካብቶም ንእያሱ ክዋግእዎ ዝተሓባበሩ ነገስታት ኣመራውያን ጸቢር ንጉስ ናይ መን'ዩ?(ብግምጣል)
5. ሰማይን ምድርን ክሓልፍ_______ግና ኣይክሓልፍን እዩ። 1/3 (ክልተ ፍደል)
6. ሓደ ካብ ነገስታት እስራኤል?
7. ካብትን እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ክሕልውወን ዝሃቦም ባዓላት ሓንቲ?
10. ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጹሑፋት እናመርመሩ ነቲ ቃል ብኹሉ ፍቓዶም እተቐበልዋ ሰብ?
12. ከብኣሕዋቱ ዝኸበረ ነበረ፡ኣዲኡ ክኣ ብጻዕሪ ወሊደዮ ኢላ'የ'ሞ ስሙ___ኣውጽኣትሉ።
13. ብስምባደ ካብ መንበሩ ወዲቑ ክሳዱ ተሰቢሩ ዝሞተ ካህን መን'ዩ?
15. ኣብ ሐድሽ ኪዳን ዝሐጸረት ጥቕሲ (ብግምጣል)
18. ዮሴፍ ብኣሕዋቱ ክሸየጥ ከሎ ዘይነበረ (ዘይፈለጠ) ሓዎም (ብግምጣል)
29. ኣብ ክንዲ ኣቤሴሎም ንንጉስ ዳዊት ብምርጋሙ ሞት እተቐጽዓ(ብግምጣል)
21. ደቂ እስራኤል ኣበይ ምስ በጽሑ'ዩም መሪር ማይ ዝረኸቡ?
23. እግዚኣብሔር ማሓርን ርሕሩሕን -------ኣምላኽ ብምዃኑ ሞት ዝተመነየ ነብዩ መን'ዩ?
25 .እያሱ ናይ መወዳእታ ኣኼባ ብምጽዋዕ ካብ ኣብራሃም - ዛንታ ዮሴፍ ዘርዚሩ ዝተዛረበሉ ቦታ(ብግምጣል)
27. እግዚኣብሄር ንሞኣብ "እቲንዕዮ እግዚኣብሄር ______ኢሉ ዝገበሮ ርጉም ይኹን"
29. ሞኣብ ኣቦ ሞኣባውያን ወዲ መን'ዩ?
31. ካብ ቤት መቕደስ ከይወጸት ብጾምን ጸሎትን ለይትን ማዓልትን ንኣምላኽ እተገልግል ዝነበረት ኣዝያ ኣረጊት ነብዩት መን'ያ?

ገጽንገጽ ዝተቓወሞ መን'ዩ?

15. ፊሌግ እቲ ብዘመኑ ምድሪ እተኻፋፈለት'ሞ ፊሌግ ዝተባህለ ኣቡኡ መን ይበሃል?
16. እግዚኣብሄር ቋንቋ ኩላ ምድሪ ፋሕ ስለ ዘበለ ስም እታ ከተማ ___ተባህለት።
17. እታ ንሲስራ ሓለቓ ሰራዊት ንጉስ ከንኣን ሸኻል ገይራ ዝቐተለቶ ሰበይቲ መን ትበሃል?
20. ፍልስጤማውያን ናይ መን ወለዶ'ዩም?
22. ጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ ነቲ ማዓጹ ቤት ማርያም ኣደ ማርቆስ ምስ ካሕኮሔ እታ ክትስምዕ ዝመጸት ግዝእቲ መን ትብሃል(ብግምጠል)
23. ክፍእ ብምግባሩ ብምኽንያት ሕማሙ ኣምዑቱ ወጺኡ ዝሞተ ንጉስ ዮርሳሌም?
24. ካብተን ንየሱስ ብገንዘብ ዘገልግልአ ዝነበራ ኣንስቲ ሓንቲ?
26. ኣማልኽቲ ሞኣብ ብመስዋእቲ ሰብ ዝስገደሉ ዝነበረ
28. እያሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዕጭ ኣውዲቑ ነታ ሃገር ንደቂ እስራኤል ከከም ክፍልታቶም ጌሩ ዝመቐለላ ቦታ?
30. ካብቶም ሐሙሽተ ኣብ ባዓቲ ዝተታሕዙ ነገስታት (እያሱ ዝማረኾም) ያፊዓ ናይ መን ንጉስ እዩ? (ብግምጣል)
32. ንያቆብ ካብ ልያ እተወለደትሉ ጓል መን ስማ

**ብንያም ገብራይ**
**ካርቱም**

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | 1 | | | | | 2 | | 3 | | | |
| 5 | | | | 6 | | | | | | 4 | 7 |
| 8 | | | 9 | | | | | 14 | | | |
| | | 10 | | 11 | 12 | | 13 | | | | |
| 15 | | | | | | | | | 17 | | 18 |
| | | | | 16 | | | | 19 | | | |
| | | | 21 | | | | 20 | | | 22 | |
| | | 23 | | 25 | | 27 | | 28 | 29 | | |
| 24 | | | | 26 | | | | | | | 31 |
| | | | | | | 30 | | | | 32 | |

## ንጋድም

1. መልኣኽ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝተገለጸሉ (እተራኣዮ) ቦታ መን ይበሃል?
2. እያሱ ንጸላእቱ ኣጸቢቑ መታን ከጸንቶም ኣቲ ጸሓይ ኣብ ___ደው ኢልኪ ጽንሒ
4. ሓደ ካብ ነገዳት እስራኤል ኮይኑ ነህዝቡ ክዳኒ እዩ ተባሂሉ ዝተመረቐ ወዲ ያቆብ መን እዩ፡(ብግምጣል)
5. ደቂ ዳን ብሽም ኣብኦም ዝሰመይዋ ከተማ (ዳን ኢሎም) ዝሰመይዋ ዓዲ (ከተማ)
6. ሐደ ካብቶም ናእሽቱ ነብያት?
8. እግዚኣብሄር ናይ ዱብቕ (ድብያ) ቅዲ ኩናት ንእያሱ ግበር ዝበሎ ነየነይቲ ከተማ ክዋጋእ ከሎ'ዩ? (ብግምጣል)
9. ኣዲኡ ንጣኦት ተምልኽ ስለዝነበረት ነቲ ምስላ ቆሪጹን ጨፍሊቑን ዘንደደ ካብ ንግስንኣ'ውን ዝሰ ዓራን ንጉስ ይሁዳ መን'ዩ?(ብግምጣል)
11. ንነብያት በዓል ሐዝዎም ኢሉ ኣብ ርባ ቂሶን ኣውሪዱ ዝሓረዶም ናይ እግዚኣብሄር ሰብ (ብግምጣል)
14. ጴጥሮስ ንሰብ ግዝረት ፈሪሁ ካብ ኣህዛብ ርእሱ ምስ ፈለየ

**መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰንጠረጅ # 2**

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዮ | ና | ዳ | ብ | | ጊ | ሆ | ን | | ት |
| ር | | | ራ | ሄ | ል | | ሳ | | ዊ |
| ዳ | ሮ | | ና | | ጋ | | ዮ | ያ | ዳ |
| ኖ | | ሳ | | ሁ | ል | ዳ | | ዕ | |
| ስ | ዶ | ሮ | ሄ | | | | ባ | ቤ | ል |
| | | ን | ማ | ሃ | | ሳ | | ጽ | |
| ፊ | | | ን | እ | ማ | ን | | | ሎ |
| ን | ራ | ካ | | | ካ | ል | ሚ | | ደ |
| ሃ | ቦ | | ባ | ዕ | ሳ | | እ | | ቅ |
| ስ | ዴ | ር | ሳ | | | ሃ | ና | ን | ያ |

*ብተከታታሊ ነዚ ሕቶታት ንዝመለሱ ሽልማት ተዳልዩ ከም ዘሎ ነዘካክር ተባረኹ።*



ብክፍሊ ኣገልግሎት ስነጽሑፍ ፊላደልፍያ ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን እትዳሎ ኣርብዕተ ወርሓዊት መጽሔት፡ ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ሒዛ ንዝረግሐ ተዳልያ ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ብዝተፈላለየ መንገድታት ሃናጺ ርእይቶታትኹም እትልግሱልና ዘለኹም ብሩኻት ኣንበብቲ፡- ንዝሃብኹምናን ትህቡና ዘለኹምን ሃናጺ ርእይቶታትኹም ከየመስገንና ክንሓልፍ ኣይንደልን፡ የቀንየልና። ሕጂ'ዉን ንዝበለጸን ዝጸፈፈን ኣገልግሎት ተሳታፍነት ኩሉ ኣንባቢ ኣገዳሲ እዩ እሞ፡- ንዘለኹም ሃናጺ ርእይቶ ይኹን ነቀፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና። ኣምላኽ ንምንባብኹም ይባርኽ።
እግዚኣብሄር ይባርኹም!!!



# ትሕዝቶ


መእተዊ ............................. 1
ቃል-መጽሄት ........................ 2
መርከብ ኣብ ምድረበዳ ........ 3
ሰዉኣዮ .................................... 4
ኣምልኾ ..................................... 5
ካብዝን ካብትን ..................... 10
ንደቅኻ እተዉርሶም ሃብቲ..... 12
ሓዳር ........................................ 14
ዜደንቅ ዛንታ ማሕበር መ.ቅ.. 15
ናይ እምነት ኣቦታት ............. 18
ንህጻናት ................................ 19



*CHURCH ADDRESS*
*PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH*
*926 GARFIELD ST. @SARGENT AVE.*
*WINNIPEG,MB*
*(204) 998 8750*

*MAILING ADDRESS*
*PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH*
*STATION MAIN*
*P.O.BOX 1889*
*WINNIPEG, MB*
*R3C 3R2*
*gracewin777@yahoo.ca*

# ልሳን መጽሄት

## ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ። ንዅ`ሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጺኡ። ቲቶ 2:11

ትርጉም ጸጋ ክንሓስብ ከለና ብነጻ ዝርከብ ህያብ ኣምላኽ ከምዝኾነ ከም እንሓስብ ርዱእ እዩ። ሓቅና ኣሎና፡ ኣይተጋገናን። ነገር ግን ብሓቂ'ዶ ጸጋ ማለት ካብ ኣምላኽ ብናጻ ዝርከብ ህያብ ኣምላኽ ማለት ጥራይ እዩ፧ ትርጉም ጸጋ ግን ነጻ ህያብ ኮይኑ፡ ዘይግበኣካ ምሕረት፡ ዘይግበኣካ ሞገስ፡ ዘይግበኣካ ድሕነት፡ ዘይግበኣካ ክብሪ፡ ዘይግበኣካ ተቐባልነት ብኣምላኽ (ኣብ ኣምላኽ ቕቡል ምኻን)፡ ዘይግበኣካ ፈውሲን ካልእን ካብ ኣምላክ ብኸምኡ ምቕባል ከምዝኾነ ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኹሉ ዘይግበኣናን ክንረክቦ እውን ፈጺምና ዘይንሓስቦ ዝነበረና ነገር ግን ኣምላኽ ካብ መንነቱ ተላዒሉ ዝገብረልናን (ዝሃበና) ጸጋ ይበሃል።

ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ነሕዋትን ፈተውትን ህያብ ነበርኽት ኢና፡ ኣበርኪትና እውን ኣሎና። እቲ እንህቦም ህያብ ኣብቲ እዋን እቲ ነቶም ኣሕዋት ወይ ፈተውቲ ይግበኦም እዩ። ኣብ ዕለተ-ልደት ዝወሃብ ህያብ ኣሎ። እቲ ህያብ ድማ ብምኽንያት ዕለተ ልዶቶም እዩ ዝወሃቦም። ኣብ ዕለተ ምረቓ እነቕርቦ ህያብ እውን ምኽንያት ኣለዎ። ንዝኾነ ዝወሃብ ህያብ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዝደኸመ እሞ ዝተዓወተ ከም መግለጺ ፍቅርናን ኣድናቆትን ህያብ ነበርከተሎም። ስለዚ እቲ ህያብ ነቲ ተቐባሊ ይግብኦ እዩ። ጸጋ ማለት ግን ፈጺሙ ከምኡ ኣይኮነን። ጸጋ ማለት እምበኣር ፈጺሙ ዘይግበኣካ ነገር። ነገርግን ኣምላኽ ካብ ፍቕሩን ምሕረቱን ዝተላዕለ ሞገስ፡ ፍቕሪ፡ ምሕረት፡ ድሕነት፡ ፈውሲ፡ ተቐባልነት (ወይውን ቕቡል ምዃን)፡ ክብርን ካልእን ኣብ ቕድሚ ኣምላኽ ምርካብ ምኻኑ ከነስተውዕል ግቡእ እዩ።

እዚ ጸጋ እዚ ድማ ኣብ ብሉይን ሓዲሽን ኪዳን ብብዙሕ መገዲ ተገሊጹ ንረኽቦ ኢና። ብፍላይ ኣብ ብሉይ ኪዳን ድማ ከም ሞገስ ተገሊጹ ንረኽቦ ኢና። ተገሊጹ ካብ ዘሎ ገለ ንምዝኽኻር ድማ፡

" ኖህ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞገስ (ጸጋ) ረኸበ።" ዘፍ 6፡9። እዚ እብዚ ተገሊጹ ዘሎ ሞገስ፡ ጸጋ ከምዝኾነ ክንግዘብ ንክእል ኢና። ኣብቲ ሕማቕ እዋን ብዘላ ምድሪ ተባላሺያትሉ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ኖህ ግን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞገስ ወይ እውን ጸጋ ረኺቡ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ብኸምኡ ጸጋ (መገስ) ብምርካቡ ድማ ካብቲ ዝወረደ ቁጥዓ ኣምላኽ ክሞልቐ ከሎ ንርእይ።

ጸጋ ማለት ድማ ዘይግባኣካ ተቐባልነት ምርካብ፡ ወይውን ቕቡል ምዃን ማለት እዩ። ነዚ ዘብርሃልና ካብ ናይ ኣስቴር ታሪኽ እንተደኣ ሪኢና፡ ከም ሕጊ ንጉስ ኣብ ዘይግበኣ እዋን ክትኣቱ ኣይትኽእልን እያ ኔራ። ኣብ ዘይግበኣ እዋን ብምእታዋ ድማ ካብ ቕድሚ እቲ ንጉስ ክትወጽእ ትግደድ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብሕጊ እቲ ንጉስ ክትቕጻዕ ወይእውን ሞት ክትፍረድ እዩ ዝግበኣ። ኣስቴር ግን፡ ኣብ ዝይግበኣ እዋን ኣትያ ክነሳ፡ ንጉስ ግን ዘንጊ መንግስቲ እዩ ዘርጊሑላ። ኣስቴር ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሞገስ ወይ ድማ ጸጋ ረኺባ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ተቐባልነት ረኺባ ማለት እዩ። እዚ ድማ ይግባኣ ኮይኑ ዘይኮነስ፡ ነገር ግን ኣብ ቅድሚኡ ጸጋ ስለዝረኸበት እዩ። እምበኣር ጸጋ ማለት ቕቡል ምዃን ወይ ድማ ተቐባልነት ምርካብ ምዃኑ ምንዛብ ይከኣለና እዩ። ኣስቴር 2፡17 ኣንብብ። እዚ ድማ ምስቲ ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ዝተላዕለ ዝረከብናዮ ተቐባልነት ይምሰል። ጸጋ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ኣምላኽ ቕቡላት ክንከውን ኣብቒዑና እዩ። ስለዚ ካብ ጸጋ ዝተላዕለ ምስ ኣምላኽ ሰላም ኣሎና። ኣምላኽ ይመስገን። ብተመሳሳሊ ድማ ካብ ኣምላኽ ጸጋ ዝረኸቡ ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት ከም እኒ ዮሴፍ፡ ዳኒኤል፡ እዮብን ካልኦትን ንረክብ።


ኣብ ሓደሽ ኪዳን ካብ ናይ ብሉይ ኪዳን ብዝበለጸ ጸጋ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ተገሊጹ እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ኣምላኽ ዘይግባኣና ምድሓን ኣምላኽ ክንረክብ ኣኽኢሉና። *ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ ንኹሉ ሰብ እውን ምድሓን ኣምጺኡ።* እቲ ብዘይ ልክዕ ብክርሶቶስ የሱስ ጐይታና ዝዓዘዘ ጸጋ ኣምላኽ፡ ምስ ኣምላኽ ሰላም ክህልወና ጌሩ እዩ። ኣብ ኣምላኽ ቕቡላት ክንከውንን ኣብ ኣገልግሎት መዲቡ፡ ነቲ ዝተመደብናዮ ኣገልግሎት ሓይሊ ሂቡ፡ ኣብቲ ኣገልግሎት ኣምላኽ እሙናት ክንከውን ዝገበረን ዝገብርን ነጻ ውህበት ኣምላኽ እዩ። 1 ጢም 1፡12፡14

እዚ ኩሉ ግን ዘይግብኣካ እዩ። ስለዚ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ኣምላኽ ቅቡላት ገይሩና እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መጐስ፡ ሰላም፡ ምሕረት፡ ፍቕሪ፡ ድሕነት፡ ክብሪ ክንረክብ እውን ኣኽኢሉና እዩ። እዚ ዘይግበኣና ናጻ ውህበት ኣምላኽ ግን፡ ኣምላኽ ነቲ መወዳድርቲ ዘይብሉን ልዕሊ ኣእምሮና ዝኾነ ክብሩ ዋጋ፡ ሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ከምዝኸፈለሉ ክንርስዖ ዘይግበኣና ሓቂ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ መጽሔት ጸጋ ንኹሎም ነበብታ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ይብዝሓልኩም እናበልት፡ ጽቡቕ ንባብ ንኹልና ትምነ።

**ኣምላኽ ይባርኹም**
**ካብ ኣዳለዉቲ!!!**








# ንህጻናት

*ብመዓርግ ሰለሙን*



## True Friendship

**Saul was the king of Israel. Unfortunately Saul was not a king who pleased God, and David spent a lot time in the palace and became very good friend with Saul's son, Jonathan. After some time, King Saul became so jealous of David that he wanted to kill him. Even so, Jonathan remained David's friend. They showed us true friends are faithful to each other even in difficult circumstances. Being a faithful friend means you are willing to give up your own valuable things for your friend. Jonathan gave up his position as the next king of Israel to David and also risked his life to defend him.**

**Faithfulness means sticking by other person through hard times, not just in the easy times.**

**Kids we want to ask you today questions**

**Are willing to give up your own valuable?**

**Do you have a best friend or some best friends?**

**Do you have a friend you love as much as you love yourself?**

**What would you give up for them?**

**Kids we love to hear your answers Please write us in our address.**



## Word Search

**Find words in the grid vertical, horizontal back wards The words that you are going to find is *David, Jesus Tom, Toy, TV, Paul, Jonathan, Goliath, Faith Manna, Cat, God, Loves you, Glory, sin, run, go, glory, and Home.***

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| U | C | B | M | G | M | V | N | T |
| C | A | K | S | O | T | C | E | R |
| P | J | K | T | H | C | O | D | V |
| D | Z | E | X | J | U | S | Y | T |
| J | I | W | S | C | L | T | P | Y |
| B | Y | V | M | U | E | W | R | M |
| Z | B | U | A | G | S | O | L | A |
| H | J | P | F | D | L | S | I | N |
| G | O | D | M | G | X | R | U | N |
| O | N | L | A | Y | C | A | T | A |
| L | A | K | P | L | H | Y | F | Q |
| I | T | W | P | X | O | Z | G | O |
| A | H | R | L | U | M | V | A | R |
| T | A | V | E | N | E | W | E | G |
| H | N | T | F | A | I | T | H | S |



### *THE CREATOR*

When I consider the
Day of my birth
It makes me think,
Think which is
Better:
To exist
Or not,
But the Creator chose.
It was wise
To give me breath
I always praise
My date of birth
Because I am here.
I enjoy his love,
His compassion and his mercy
To admire the sky and the earth
The sea and the oceans
The birds and the fishes.
I wonder how incredible
The creator is
I am here to reveal his GLORY

Meareg Solomon



# ናይ እምነት ኣቦታት -ጆን ዎስሊ-



እዚ ብምምስራትን ምንቅስቃስን ሜቶዲዝም ዝፍለጥ ጆን ዎስሊ ዝበሃል ዓቢ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብ 17 ሰነ 1703 ካብ ምዕራብ ሊንኮሊን ዓዲ እንግሊዝ 37 ኪሎሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ኤፕዎርዝ ኣብ እትበሃል ዓዲ ካብ ኣቦኡ ሳሙኤል ዎስለይን ኣዲኡ ድማ ሱዛና ዎስለይን ተወሊዱ። ጆን ዎስሊ ካብቶም 19 ኣሕዋቱ ንሱ መበል 15 እዩ። ካብዞም ብዙሓት ኣሕዋቱ ድማ 7 ከምዚዓበዩን እቲ ኣብ ምንቅስቓስ መቶዲዝም መገላግልቱን መተዓይይቱን ዝነበረ ንእሽቶ ሓዉ ቻርለስ ዎስሊ ድማ ሓደ ካብኣቶም እዩ። እዚ ንእሽቶ ሓዉ ንጆን ዎስሊ ማለት ቻርለስ ዎስሊ ብ ታሕሳስ 18 1707 ዓ.ም ድሕሪ 4 ዓመት ምውላድ ናይ ጆን ዎዝሊ ከምዝተወልደን ኣብ ምንቅስቃስ መቶዲዝም ድማ ዓቢ ታራ ከምዝነበሮን ይፍለጥ። እዛ ጆን ዎስሊ ዝዓበየላ ቤት ብኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ስነስርዓት ዝመልአ ኣካይዳን ኩሉ ጽቡቕ ስነምግባርን ዝመልኤት፡ ሰላምን ጸጥታን ድማ ዝሰፈና ቤት ከምዝነበረት እሞ እዚ ኣተዓባብያ እዚ ድማ ኣብቲ ድሒሩ ዝመጸ ሂወትን ኣገልግሎትን ናይ ጆን ዎስሊ ዓቢ ታራ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብኡ ንጆን ዎስሊ ማለት ሳሙኤል ዎስሊ ናይ እቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ፍሉጥ ዝኾነ ዩኒቨርሲቲ ኦክስፎርድ ምሩቕ ከምዝነበረን ናይታ ኣብቲ ሽው ግዜ ኣብ ዓዲ ኣንግሊዝ ዝነበረት 'ቸርች ኦፍ ኢንግላንድ' እትበሃል ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ተጸዋዒ ወይ ድማ ሓላፊ ከምዝነበረን ብ 1689 ድማ ንሱዛና ዎስሊ ኣዲኡ ንጆን ዎስሊ ከምዝተመርዓወን ክልቲኦም ሰብኣይን ሰበይትን ድማ ኣብታ ሺዑ ዝነበረት ዓባይ ቤተ ክርስትያን ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ኣባላትን ኣገልገልትን ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ጆን ዎስሊ ኣብ ናይ ጊዜ ቁልዕነት ዕድሚኡ ካብ ዝነደደ (ዝተባረዕ) ሓዊ ከምዝደሓነ እሞ ካብዚ ዝተባረዕ ሓዊ ምምላጡ ድማ ብመሰረት እዚ ኣብ ዘካሪያስ 3፡2 ዘሎ 'ካብ ሓዊ ዝተመንጠለ እያድ ዶ ኣይኮነን' ዝብል ጥቕሲ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ ነቲ ዝተረፈ ዝመጽእ ዕድሚኡ ርእሱ ንኣምላኽ ዝተፈልየ ሰብ ከምዝኾነ ክርድኦ ጀሚሩ። ከምቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበረ ቆልዑ እግሪ ክተኽሉን ክዛረቡን ዝጀመርሉ ግዜ ቀልጢፎም ትምህርቲ ክጅምሩ ኣለዎም ዝብል ናይቲ ህዝቢ ልምድን ባህልን ድማ ስድራቤት ጆን ግቡእ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ዕድል ከምዝረክብ ጌረሞ። ኣብ መበል 11 ዓመቱ ድማ ናብቲ ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ቃል ኣምላኽ ትምህርቲ ከመሃረሉ ዝኽእልን ነቲ ኣብ ገዛኡን ማዕበያኡን ዝተለማመዶ ጽቡቕ ክርስቲያናዊ ስነምግባር ድማ ብጽቡቕ ክቕጽለሉን ክዓብየሉን ዝኽእል 'ቻርተር ሃውስ' ዝተባህለ ቤት ትምህርቲ ክመሃር ሰዲደሞ። ጆን ዎስሊ ኣብቲ እኹል መንእሰይ ክኾነሉ ዝጀመረ ጊዜ ድማ ዓቢ ጽልዋ ከሕድረሉ ዝኽእል ምስ እዋንን ግዜን ዘይቀያየር ኣዝዩ ጽቡቕ መጻሕፍቲ ናይ ምንባብ ልምዲ ከምዝነበሮን በዚ ነገር እዚ ድማ ብ ኣዝዩ ኣወንታዊ ዝኾነ ነገር ከምዝተጸልወን ይንገረሉ። ገለ ገለ ካብቲ መጻሕፍቲ ድማ HOLY LIVING AND HOLY DYING፡ THE IMMITATION OF CHRIST፡ CHRISTIAN PERFECTION፡ A SERIOUS CALL TO A DEVOUT AND HOLY LIFE ዝብሉ ይርከብዎም። ካብቲ ዝዓበየሉን ኣገልግሎት ዝጀመረሉን ግዜ ጀሚሩ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ዘመን ኣገልግሎቱ ዎስሊ ወንጌል ክሰብኽ ልዕሊ 250000 ማይልስ ብፈረስ ከምዝተጉዓዘን ኣብ ልዕሊ 40000 ጉባኤታት ስብከታት ውን ከምዝሰበኸን ልዕሊ 5000 ዝኸውን ትምህርትታን ፓንፍሌትን መጻሕፍትን ድማ ከምዝሓተመን ይፍለጥ። ነታ ኣብቲ ግዜ እቲ ነቲ ቀንዲ ብርሃን ወንጌል ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ኣጥፊኣ ዝነበረት ቤተክርስቲያን ናይ ዓዲ እንግሊዝ፡ *ጆን ዎስሊ እዚ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ሓደ በይኑ መድሓኒ ከምዝኾነ ወይ ድማ እዚ ሓዲሽ ሂወት ወይ ውን 'ኒው ላይፍ' ዝብል ብዳሂ ዝኾነ ሓቂ ናብታ ቤተ ክርስቲያን ዘምጸኤ ዓቢ ናይ ኣምላኽ ኣገልጋሊ እዩ።* እዚ ድማ ምስቲ ኣብ ምምስራት ሜቶዲዝም ካላኣዩን መገላግልቱን ዝነበረ ንእሽቶ ሓዉ ቻርለስ ዎስሊ ብምኻን ናብ ዓዲ እንግሊዝ ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ኩላ ኣውሮጳን ኣመሪካን ኩላ ዓለምን ክሳብ ዝዝርጋሕ ነዚ ብርሃን እዚ ብዙሕ ጻዕርን መስዋእትን ከፊሎም እዮም። ገለ ገለ ካብቲ ጆን ዎስሊ ዝጸቕጠሉ ዝነበረ ቀንዲ ትምህርቱን ኣገልግሎትን ድማ ምርዳእ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣገዳስነት ውልቃዊ ዝምድናን ርክብን ምስ ኣምላኽ፡ ቀጥተኛ ትርጉም ኣምልኾን፡ ናብራ ክርስትያናት ኣብ ትሕቲ ጸጋ ምኻኑን፡ ቀንዲ ድማ ቅድስና(ሆሊነስ) ዝብሉን ኣርእስትታት የጠቓልል።

ጆን ዎስሊ ብጥቅምቲ 18, 1751 ናብ ሜሪ ቫዘይሊ እትበሃል ሰብ ተመርዕዩ። እዚ ሰባኸን ቲኦሎጂያንን ዝነበረ ጆን ዎስሊ ብ 1784 ነዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓትን ቅዋምን(ዶክትሪን) ናይ መቶዲስት ነታ ሽዑ ዝነበረት ቤተክርስትያን ሜቶዲስት ነዲፉ ሂቡዋ። ብድሕሪኡ ድማ ብምሉእ ሓይሉ እናሰበኸን እናኣገልገለን ከምቀደሙ ድማ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እና ተጋዒዘን ከምኡ ድማ ሓላፊ ናይታ ሽዑ ዝነበረት ቤተክርስትያን ናይ ዓዲ እንግሊዝ ከሎን ኣብ 88 ዕድሚኡ ብሰላም ዓሪፉ።

*ብሓዉኹም ካሕሰ ንጉሰ*





# መልእኽቲ ህይወት

## መርከብ ኣብ ምድሪ በዳ

**"ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስ ረኣየ፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኹ ብእምነት እዩ ንምድሓን ቤቱ እትኸውን መርከብ ዘዳለወ" (መልእኽቲ ናብ እብራውያን 11፡7 ገጽ 244 ኣብ ሓድሽ ኪዳን)።**

**"እግዚኣብሄር ከኣ፡ ክፍኣት ሰብ ኣብ ምድሪ ከም ዝበዝሐን ብሓሳባት ልቡ ዝሕልኖ ድማ ወርትግ ክፉእ ከም ዝኾነን ረኣየ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሰብ ኣብ ምድሪ ብምግባሩ ተጣዕሰ፡ ብልቡ ድማ ጒሃየ። " . . . ንዝፈጠርኩዎ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ… ካብ ዝባን ምድሪ ክድምስሶም እየ በለ። ኖህ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞገስ ረኸበ።" (ኦሪት ዘፍጥረት 6፡6-8፡ ገጽ 5 ኣብ ብሉይ ኪዳን)።**

ቀደምውን ከም ሎሚ ደቂ ሰብ ግብሮም ኣዝዩ ክፉእ እዩ ዝነበረ እሞ፡ ብሰንኪ ቀጻሊ ሓጢኣቶም ንምድሪ ብርኽሰት፡ ቕትለት፡ ሓሶት፡ ጽልእን በከልዋ፡ ኣምላኽ ግና ከም መጠን ሓጢኣቶምን በደሎምን ዘይኮነስ ከም መጠን ምሕረቱ ንብዙሕ ዘበን ተጻወሮም።

እንተኾነ ግና ንትዕግስቲ ኣምላኽ መወዳእታ ኣለዎ። ነታ ብሓጢኣት ዝጨቀወት ዓለም ብማይ ኣይሂ ከጥፍኣ ወሰነ። ኣምላኽ ኩሉ እዋን ቅድሚ ፍርዲ ምምጽኡ፡ ሰብ ካብ መገዲ ዓመጻ ክምለስ መጠንቀቕታን ዘበን ምሕረትን ስለ ዝእውጅ፡ ብኣፍ ኖህ ገይሩ ኩሉ ሰብ ምእንቲ ካብ በደሉ ክምለስን ንኣምላኽ ክደልዮን ን120 ዓመት ተሰብከ።

ኖህ ጻድቕ ሰብኣይ ስለ ዝነበረ፡ ካብቲ ክመጽእ ዝነበሮ ደምሳሲ ማይ ኣይሂ፡ ንሱን ስድራቤቱን ምእንቲ ክድሕኑ መርከብ ክሰርሕ ብኣምላኽ ተኣዘዘ።

ኖህ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ ትእዛዝ፡ ንተዓዛቢ ግር ዘብል ከም ዝነበረ ጥርጥር የብሉን። ኣብ ማእከል ምድረ በዳ መርከብ ምስራሕ ማለት ዓቢ ዕሽነትን የዋህነትን ይመስል። ንሱ ግና ሰብ ኩሉ ካብ መገዲ ዓመጻ ተመሊሱ ገጽ ኣምላኽ እንተ ዘይደለየ፡ ዓለም ብማይ ኣይሂ ከም እትጠፍእ ኣርጊጹ ፈሊጡ ብምንባሩ፡ ብፍርሃት ፈጣሪኡ ተደሪኹ ንሱን ስድራ-ቤቱን ዝድሕኑላ መርከብ ኣዳለወ።

ሽሕ እኳ ኖህ ክይተሓለለ ሰብ ክንሳሕ ከም ዘለዎ እንተ ነገረ፡ በቲ ንሱ ዝሰበኾ ስብከት ዝደሐኑ ንሱን ሰበይቱን ደቁን ኣንስቲ ደቁን ጥራሕ ኮኑ። ብዙሓት እኳ ነቲ ስብከት ናይ ኖህ ሰሚዖምዎ ክነሶምሲ ካብ ጽድቂ ምግባር ሓጢኣት ምግባር ስለ ዝፈተዉ ልቦም ኣትሪሮም ነቲ ንዕኦም ንምድሓን እተሰብከ ቃል ኸትግብርዎ ስለ ዘይከኣሉ ብማይ ኣይሂ ጠፍኡ።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ዘበን ኖህ ከምዚ ክብል ስምዕታ ኣቕሪቡልና ኣሎ:-

**"ከምቲ ብዘበን ኖህ ዝኾነ ብዘመን ወዲ ሰብውን ከምኡ ክኸውን እዩ። ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑን ይሰትዩን የእትዉን የተኣታትውን ነበሩ። ማይ ኣይሂ ድማ መጺ ንኹላቶም ድማ ኣጥፈኣ።" (ወንጌል ሉቃስ 17፡26-27፡ ገጽ 85-86 ኣብ ሓድሽ ኪዳን )።**

ሎሚ ብተማሳሳሊ ካብቲ ዝመጽእ ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት ከድሕነናን ክብጀወናን ዝኽእል እቲ ኣብ መስቀል ምእንቲ ሓጢኣትና ዝሞተ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ጥራሕ ከም ዝኾነ ፈሊጥና ናብኡ ቀሪብና ሓጢኣትና ተኣሚንና ምስኡ ንተዓረቕ። ንሱ ነቶም ዝውከልዎ ኩሎም ብደሙ ኣጽርዩ፡ ናቱ ጽድቂ ኣልቢሱ ኣብ መንግስተ ሰማይ ከም ዘእትዎም ኣርጊጹ ተዛሪቡ ኣሎ።

ርግጽ እዩ ልክዕ ከምቲ ኣብ ዘበን ናይ ኖህ ዝበሃል ዝነበረ፡ እዚ ሎሚ ዝዝረበልና ዘሎ ናይ ንስሓ ጻዊዕት ንገሊኦም ሰብ ዕሽነት ክመስሎም ይኽእል ይኸውን። ንሕና ግና ኣይንትዓሾ፡ ሎሚ ብንስሓን ብጣዕሳን እንተ ዘይተመለስናስ ናብ ፍርዲ ኣምላኽ ክይንወድቕ።

እወ ሎሚ ኣምላኽ ነቶም ብንስሓን ብትሕትናን ናብኡ ዘይምለሱ ኩሎም ከምቲ ናይ ቀደም ብማይ ኣይሂ ዘይኮነስ፡ ብዘስካሕክሕ ሓዊ ክፈርዶም ከም ዝኾነ ቅዱስ ጴጥሮስ ከምዚ እናበለ ይዛረብ።

**"እታ ሽዑ ዝነበረት ዓለም ብእኡ በቲ ማይ ተሰጢማ ጠፍኣት። እቲ ሕጂ ዘሎ ሰማያትን ምድርን ግና ብቓሉ ተዓቝሩ ኣሎ፡ ክሳዕ መዓልቲ ፍርድን ክሳዕ ጥፍኣት እቶም ንእግዚኣኣብሄር ዘይፍርሁ ሰባትን ንሓዊ ይሕሎ ኣሎ።" (2ይቲ መልእኽቲ ጴጥሮስ 3፡6-7 ኣብ ገጽ 259 ኣብ ሓድሽ ኪዳን)።**

***ክቡር ኣንባቢ ብወገንካ ሎሚ ንሓጢኣት ፈንፊንካ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ዕድል ይወሃበካ ኣሎ እሞ፡ ሕጂ ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ኣምልጥ። ክይተዳናጐኻ ሓጢኣትካ ተኣሚንካ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ድማ ብምሕረት ኣምላኽ እሐተካ።***

# ሰውኣዩ...



ካብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስና ታሪኽ ድሕረ ባይታ ኣቦና ኣብርሃም ምስ እንምልከት።

ኣቦና ኣብርሃም ነቲ እግዚኣብሄር ዝርእየሉ ቅድሚ ምርኣዩን ምውራሱን ክንርእዩ ከሎና፡-

**1ይ** ጻውዒት ኣቦና ኣብርሃም ካብ ምድሪ ከለዳውያን መሰጶታምያ ናብ ካራን ክወጽእ ከሎ ንጹር ኣይኮነን።

**2ይ** ኣቦና ኣብርሃም ካብ ካራን **ክወጽእ** ከሎ እግዚኣብሄር ከምዚ ዝብል ቃል ሂብዎ ዘፍ 12፥1-4፡ 12፥7

**3ይ** ኣቦና ኣብርሃም **ምስ ወጸ** እግዚኣብሄር ዝሃቦ ቃል፡ **ዘፍ.13፥14-17 ዘፍ 15፥1-6**

**4ይ** እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምስ ኣቦና ኣብርሃም ዝኣተዎ **ቃል ኪዳን ዘፍ 15፥13-18፡ 17፥1-22** ንርኢ ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሓሳብ እግዚኣብሄር ንኣቦና ኣብርሃም ክጽውዖ ከሎ ስቕ ኢሉ ኣይኮነን ጸዊዕዎ። እግዚኣብሄር ንኣቦና ኣብርሃም ክጽውዖ ከሎ፡-

**-ንዓብይ ህዝቢ ክሽውን**

**-ክባረኽ**

**-ንስሙ ከዕብዮ**

**-ንበረኸት ክኸውን**

**-ዓሌታት ኩላ ምድሪ ብእኡ ምእንቲ ክባረኽ** ነዚ እዩ ጽውዓ ኣምላኽ ንኣቦና ኣብርሃም ዝነበረ። ስለዚ ክኣ እግዚኣብሄር ኣብ ጽውዓኡ ፈጺሙ ኣይጋገን እዩ። እቲ ክትወጽእ እንኮለኻ ዝተነግረካ ቃል ንሱ እዩ እቲ ናይ መጀመርታ። እቲ ድሕሪኡ ዝመጽእሲ መረጋገጺ ወይ መጽንዒ እዩ። ኣብዚ ክንስተውዕሎ ዝግብኣና ሓደነገር ኣሎ ንሱ ክኣ እቲ ዝተጸወዔን ጽውዓ ዝተቀበለን ኣቦና ኣብርሃም እዩ፡ እቲ ተስፋ ዝፈጸም ግና በቲ ካብ ከርሱ (ከስዔኡ) ዝወጽእ ወዱ እዩ ነይሩ፡፡

እቲ ዝገርም ግና እግዚኣብሄር ንኣቦና ኣብርሃም ክቡር ጽውዓ ጸዊዕዎን ቃል ተስፋ ሂብዎን ክነሱ ኣብ **ዘፍ 22፥1-2** ከምዚ ዝብል ቃል ንረክብ ***"ነቲ እትፈተዎ ሐደ ወድኻ ይስሓቕ...... ሰዉኣዮ"።***

ኣምላኽ ባዕሉ ነቲ ዝኣተዎ ቃል ኪዳን ዘፍርስ ዘሎ ይመስል፡ ይገርም'ዩ። ሕቶ ዝፈጥር ቃል!! እንተኾነ ግና እግዚኣብሄር ኣብ ስርሑ ፈጺሙ ኣይጋገን እዩ።

ሓደ ክሕተት ዝግብኦ ኣገዳሲ ሕቶ ግና ኣሎ። እግዚኣብሄር ኣብ ልቢ ኣቦና ኣብርሃም እንታይ ስለ ዝረኣየ እዩ፡ ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ክሰውኦ ዝሓቶ ዘሎ። ነዚ ውሉድ እዚ ንምውላድ ዝሓለፎ ጐደና ቀሊል ኣይኮነን፡ ነዊሕ ዓመት ተጸብዩ ዝረከቦ ውሉዱ እዩ ነይሩ። እዚ ጥራሕ'ውን ኣይኮነን ኣምላኽ ዝኣተወሉ ቃልን ዝሃቦ ተስፋን በዚ ውልድ እዚ እዩ ዝፈጸም ነይሩ። ዘርኢ ኣብርሃም ድማ በዚ ውሉድ እዚ እዩ ዝቁጸር ነይሩ እንተኾነ ግና ትእዛዝ ካብ ላዕሊ ወጺኡ፡ *ነቲ እትፍቅሮ ሐደ ዉሉድካ ሰውኣዮ ዝብል።* ኣቦና ኣብርሃም ካልእ ውሉድ ከም ዝነበርዎ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና እዩ። ስለዚ ክኣ ነየናይ ውሉድ ክሰውእ እዩ እግዚኣብሄር ዝሓተኒ ዘሎ ኢሉ ኣይሐተተን። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ነየናይ ዉሉድ ክሰውእ ከምዘለዎ ኣነጺሩ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ። ከምዚ ክኣ ኢልዎ:- **"...ነቲ እትፈትዎ ወድኻ።"** ኣብዚ ሐደ ነገር ከነስተውዕል ጽቡቕ እዩ። እግዚኣብሄር ነቲ እትፈትዎ ወድኻ ክብል ከሎ፡ ኣብርሃም ልቡ ብወዱ ዝተታሕዘ ይመስል። ካብታ ምስ እግዚኣብሄር ዝነበሮ ርክብን ንኣምላኽ ዝነበሮ ፍቅርን ብወዱ ዝተታሕዘን ዝተተክኤን ይመስል። **"ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዝርኢ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዝርኢ።"** ይብለና ናይ እግዚኣብሄር ቃል። ኣብ ካልእ'ውን **"ኣነ ንልቢ ይፈልጦ ንኩላሊት ክኣ ይምርምሮ ይብል።"** ስለዚ ክኣ ኣቦና ኣብርሃም በቲ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ውሉድ ዝተታሕዘ ይመስል። እቲ ልቢ ዝርኢ እግዚኣብሄር ግና፡ ልቢ ኣብርሃም ብነገራት ክተሓዝ ስለ ዘይደለየ፡ ነቲ ንልቡ ዝሓዘ ነገር ሰውኣዮ ክብሎ ከሎ ንርኢ።

**ክቡር ኣንባቢ:-** ኣምላኽ ብሉጹን ክቡርን ረዚንን ውህበት ዝሃበካ። ማለት ኣምላኽ ሓዳር፡ ስራሕ፡ ትሕዝቶ፡ ገንዘብ፡ ፍልጠት፡ ዝሃበካ፡ ልብኻ ብእኡ ክተሓዝን መፈንጥራ ክኾነካን ኣይኮነን፡ *የግዳስ ኣምላኽ በቲ ዝሃበካ ውህበት፡ ክዓዩን ክሰርሖን ዝደልዩ ነገር ስለዘለዎ እዩ።* ሓወይ ሓፍተይ ሎሚ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ቃልን ተስፋን ሓኒቑ ንልብና ዝገዝኤን ዝሓዘን እሞ ካብ ምኽሪ ኣምላኽ ዘትረፈናን ዝጐተናን ዘሎ ነገር እንታይ እዩ፧ ናብቲ ዝተበገስክሉ ሓሳብ ክምለስ ኣቦና ኣብርሃም ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ወይ ዝተነግሮ ቃል ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ብእምነት ንነገራትን ኩነታትን ከይረኣየ፡ ምስ ስጋን ደምን ከይተማኸረ፡ ናብ ከረን ሞርያ ከይዱ ምስ ሰውኦ፡ እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ዝብል ቃል ንኣቦና ኣብርሃም ኣተወሉ **ዘፍ..22፥15-17** ***"ብርእሰይ መሐልኩ... እዚ ነገር እዚ ካብ እትገብር... ነቲ ሓደ ውሉድካውን ካብ ዘይትከልእ ስለዚ ኣዝየ ክከብረካ እየ፡ ንዘርእካ ድማ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ኣዝየ ክብዝሓካ እየ። ዘርእኻ ድማ ደጌታት ጸላእቱ ክወርስ እዩ... ።"*** ዝገርም ቃል እዩ። ሎሚ ካብ ጽውዓን በረኸትን ኣምላኽ ዘትርፈና፡ ዝጐተና፡ ዝሓላልኸና፡ ነገር ንሰውኣዮ ኣምላኽ ድማ ቃሉ ክሰድድን ኣብ ህይወትናን ነገርናን ክኣ ክገዝእ ከሎ ክንርእዩ ኢና።

ኣብ ካልእ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስና ምስ እንርኢ ውን ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝርኤናዮ ሓሳብ ዝመስል ዘጊቡ (መዝጊቡ) ኣሎ። ♣ **ዘፍ 32፥23** ያቆብ ብነገራትን ኩነታትን በቲ "በረኸት ኣምላኽን" ልቡ ክትሓዝን ካብቲ ዘልኣለማዊ ምኽሪ ኣምላኽ ክተርፍን ስለ ዘይደለየ፡ ነቲ ናይ ላዕሊ በረኸት ኣምላኽ ክኣ ስለዝጸምኦን ዝናፈቖን ***"ንዘለዎ ዘበለ ኩሉ ሩባ ያቦቕ ኣሳገረ ንሱ በይኑ ግና ተረፈ*** *ይብለና።"* እዚ ስለ ዝገበረ ኸኣ ምስ ኣምልኽ ተራኺቡ ስሙ ተቐይሩ ኸኣ ተሳገረ።

♣ **1ነገ 19፥19-21** ንኤልሳእ ኤልያስ ባርኖሱ ምስ ኣቐመጠሉ ኤልሳእ ናይ መጀመርያ ሰጉምቲ ዝወሰዶ እንተነይሩ ነቶም ንዓመታት ዘገልገልዎ ምኽንያት ሃብቱን እቶቱን ዝኾነ ኣብዑር ወሊዲ ሰዊእዎም። ምኽንያቱ ብዝረኣዮምን ዝዘከሮምን መጠን ልቡ ክይሕዝዎ ስለ ዝደለየ እዩ።

♣ **መሳ 11፥34-40** ኣብዚውን ክንርኢ ከሎና ይፍታሄ ድሕሪ ዓወቱ ንኣምላኽ ዝኣተወሉ ቃል እንተኔሩ እቲ ናይ መጀመርያ ዝቅበለኒ ዝብል እዩ። ነገር ግን እቲ ዝተቐበሎ ካልእ ዘይኮነስ እታ ቦኽርን ሓንትን ጓሉ እያ። ልቡ ብነገራት ተታሒዙ ክተርፍ ስለዘይደለየ ዝወሰዶ ስጉምቲ እንተነይሩ ንጓሉ ምስዋእ እዩ ነይሩ።

**ክቡር ኣንባቢ :-** ስለዚ ድኣ ሕጂ

- ኣብ ናብራናን ኣገልግሎትናን ነገራትናን ኢድ እግዚኣብሄር ከይትግለጽ ንልብና ዝሐዘ እንተይ እዩ፧
- ናብ ኣምላኽን ምስ ኣምላኽን ከየንጐይ ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧
- ኣምላኽ ዝሃበና መኽሊት ከይነሸርፍ ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧
- ሓሳብ ኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ከይንፍጽም ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧
- ኣምላኽ ዝኸብረሉን ዝምስክረሉን ህይወት ሒዝና ከይንመላለስ ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧
- ተስፋ ኣምላኽን ቃል ኣምላኽን ኣብ ህይወትናን ዘመንናን ከይፈጸም ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧
- ኣምላኽ ኣባናን ብኣናን ከይከብር ንልብና ዝሐዘ እንታይ እዩ፧

ኣምላኽ ሎሚ ዝብለና ነገር እንተሃልዩ ***ንልብኻ ዝሐዘ ነገር ሰውኣዮ ዝብል እዩ።*** ነቲ ኣምላኽ ዝርእየልና ምእንቲ ክንወረሶ ካብ ምኽሪ ኣምላኽ ዘትርፈና ዘበለ ኩሉ ነገራትን ኩነታትን ንልብና ዝሓዘ ዘበለ ሎሚ ንሰውኣዮ።

ኣምላኽ ድማ ናብ ዝበለጸ ክብሪ ከስግረና እዩ።

**ብኤፍሬም ገ.ሂወት**





## ዜደንቕ ዛንታ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ።

.......... ካብ ገጽ 16 ዝቐጸለ

መጽሓፍ ቅዱስ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ሓድሽ ህይወት፡ ህይወት ዘልኣለም እንሆልካ፡ ይብሎ። ነፍሲ ወከፍ ኪቕበሎ ወይስ ኪኣብዮ ኸኣ ናይ ርእሱ ዉሳኔ እዩ። ግዳ ኣብዛ ዉሳኔ እዚኣ ኺበጽሑ፡ ንሱ ንቓል እግዚኣብሄር በታ እተወልደላ ቛንቋ ኼንብቦ ኣድላዩ እዩ። ሎሚ ክንምሃር ኢና፡ ዚብል መንፈስ ኣብ ብዓለሙ ተዘሪኡ ኣሎ። እቶም ክርስትና ዘይተቐበሉ እኳ መጽሓፍ ቅዱስ ኬንብቡ ይፈትዉ ኣለው፡ ስለዚ ኸኣ እታ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ በዚ ዝሓለፈ ዓመት ብብዙሕ ቛንቛታት ዕስራን ሰለስተን ሚልዮን (23.000.000) መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝዘርግሔት ብሓጐስ ኣመልኪታትና። ፍቁራት ኣንበብቲ፡ ብዛዕባ እዚ ቅዱስ ዕዮ እዚ ብዙሕ ከዘንትወልኩም ምፈተኹ። ግናኸ፡ ከይትደኽሙ። እዛ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ብ 17 መጋቢት 1804 ዓ.ም.ፈ ተወልደት። ከምቲ ዕላምኣ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ በበታ እተወልደላ ቛንቛን በበቲ ኪኸፍሎ ዚኽእል ገንዘብን መጽሓፍ ቅዱስ ኪረክብ ትጒይ ኣላ።

1ይ- እታ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ንነፍሲ ወከፍ ክርስትያን፡ ንነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ስድራ ቤትን፡ ንዅለን ኣብያተ ክርስትያናትን፡ ንዅሎም ክርስትያን ዝኾኑ ህዝብታት ቃል እግዚኣብሄር ኬንብቡን ኪምርምሩን ተዘኻኽር ኣላ።

2ይ- ዕዮ እዛ ማሕበር እዚኣ ኣዝዩ ዓብይ እዩ። ቅድሚ ዅሉ ነዊሕ ገዜ ዝሓትት ምትርጓም ኣሎ። ድሕርዚ'ዉን ንእኡ ዝኸውን ጽቡቕ ወረቐት ምግዛእ፡ ምሕታም፡ ምጥራዝ፡ ምጥቕላልን ኣብ ሳጹናት ምሕታምን፡ ምጉዓዓዝ፡ ምዝርግሑ። ነዚ ዅሉ ብርቱዕ ገንዘብ ከም ዜድልዮ ኣይትስሕትዎን ኢኹም። እዚ ኽነሱ ግን እታ ማሕበር፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምእንቲ ኺረኽቦ፡ ብቐሊል ዋጋ እያ እትሸጦ። እቲ ነዚ እተጸብጸበ ዕዮ ዘጥፍኣቶ ገንዘብ መን ይኸፈሎ፧ ነዚ ልቦም ዝተንከዮ ኣብ ብዓለሙ ዘለዉ ፍቓደኛታት ክርስትያን እዮም ዚኸፍልዎ። እንሆ ድማ ሕጂ ንሕና መተዓይይቲ ኣምላኽ ክንከውን ባዕሉ መገዲ ሂቡና።

ኤልሲ ዊንኩቢስት።

***ተፈጸመ!!!***

***ምንጪ ካብ ክርስተያናዊ መርበብ ሓበሬታ***

## ሓዳር .....

.......... ካብ ገጽ 14 ዝቐጸለ

ግናኸ ኣምላኽ ንሰበይቲ ካብ ሰብኣይ ክገብራ እንከሎ ንርኢ። "ሰበይቲ ካብ ሰብኣይ እያ ኣምበር ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ኣይኮነን........።" 1ቆር12፥7-8

ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ኣምላኽ ኣምላኽ ስርዓት ስለ ዝኾነ ሰይጣን ድማ ቅልሱ ኣንጻር ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐሚጥዎም ክነሱ። ሰይጣን ግና ክፍትኖም እንከሎ ከምቲ ስርዓት ንኣዳም ኣይኮነን መጺኡ ሓቲትዎ እንታይ ድኣ ንሄዋን እዩ ሓቲትዋ።

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ዝፈጠሮ ኹሉ ኣራዊት መሮር ተመን ይጒርሕ ነበረ። ንታ ሰበይቲ ክኣ ኣምላኽሲ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ኣይትብልዑ ኢሉዶ ኣዚዙ እዩ በላ።" ዘፍ 3፥1

እዚ ኣበሃህላ እዚ ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ሰይጣን ሱቕ ኢሉ መጺኡ ንሄዋን ከምዝሓተታ ጥራይ፡ ይኹን ኣምበር ብኽምኡ ስቕ ኢልካ ዝሕለፍ ሓሳብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣዳምን ሄዋንን ክልቲኦም ብሓደ እዮም ነይሮም ሰይጣን ግና ወይ ክሊቲኦም ወይ ድማ ነቲ ክሕተት ዝግብኦ ኣካል ሓዳር ከም ስርዓት ኣምላኽ ናይታ ሓዳር ተሓታቲ ዝኾነ ኣዳም ክሓትት እንከሎ ኣይንርእዮን። እንታይ ድኣ ሰይጣን ኣንጻር ስርዓት ስለዝኸይድ ነቲ ስርዓት ኣምላኽ ተቓውሙኡ ክርእይ ነይርዎ።ስለዚ ድማ እዩ ንሄዋን ዝሓታ ዘሎ። ብድሕሪ ዉድቐት'ዉን እንተኾነ ኣምላኽ ናይ ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኩሉ ይፈልጥ ክነሱ፡ ማለት ሂዋን እዚ ፍጻመ እዚ ከምዝፈጸመቶ እናፈለጠ ከሎ፡ ሂዋን ስለምንታይ ከምዚ ጌርኪ ኢሉ ኣይሓተታን። ሕጂ ዉን መጺኡ ንኣዳም እዩ ሓቲትዎ።

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ ኣበይ ኣሎኻ በሎ......"ዘፍ 3፥9

ብድሕሪኡ ኣዳም ንሂዋን ሓቲትዋ። ሎሚ'ዉን ኣንተድኣ ርኢና ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ዝሓዘ ሓዳር ብዙሕ ኢና እንርኢ። ሰበይቲ ንሓዳር ክትመርሖ ከላ ንርኢ ነዚ መበገሲኡ ብዙሕ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ነገር ግና ንሓዳርካ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ክተትሕዞ ይክኣል እዩ። ስርዓት ኣምላኽ ሓላፍነቱ ክትፈልጥ ክትክእል ኣሎካ። ስለዚ ኣንስቲ በዚ ሓሳብ ማለት ካብ ፍጥረት ኣትሒኡ ዝነበረ ስርዓት ኣምላኽ ብምግንዛብ ሓላፍነትን ኣብ ሓዳር ክገብራ ነታ ቤት እቲ ዝዓበየ ደገ በረኸት እዩ። ንኹነታት መመኽነይታ ብምግባር ሎሚ ብዙሓት ኣንስቲ ብሓላፍነት ዝተመርሓ ናይ ካልእ ቦታ ዝትክኣ ኣይሰኣናን እየን። ኣምላኽ ግና ልዕሊ ኩሉ ስርዓት ስለ ዝገደሰ እቲ መንፈሳዊ ናይ ስልጣን ተወራረድ ናይ ሓዳር ተቛሪጹ ብምህላው እታ ስድራ ኣብ ሓደጋ ክትወድቕ ትኽእል እያ።

### ስእላዊ መግለጺ ስርዓት ኣምላኽ ኣብ ሓዳር

<u>ቅ ድ ሚ ዉድቀት</u>

ኣ ም ላ ኽ ➡ ሰ ብ ኣ ይ ➡ ሰበይቲ

<u>ድ ሕ ሪ ዉ ድ ቀ ት</u>

ኣምላኽ ➡ ክርስቶስ ➡ ሰብኣይ ➡ ሰበይቲ

እዚ ሰንሰለት እዚ ብዝኾነ ምኽንያት እንተድኣ ተበቲኹ ብመንፈሳዊ በረኸት ብእኡ ኣቢሉ ድማ ብምድራዊ በረኸት ኽትባረኽ ካብ ዝግብኣ እታ ቤት ተዓጊታ ኣላ ማለት እዩ። እቲ ቐንዲ ዕላማ ናይ ጸላኢ ኣብ ሓዳር ግና እዚ ስለ ዝደሊ ኩሉ ግዜ ሓዳር ስርዓት ኣምላኽ ክሕዝ ኣይደልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ብዙሕ ሓዳር ኣብ ሓደጋ ዝቃላዕ ዘሎ።

<u>**ሓላፍነት ሰብኣይ**</u>

"ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ ኣቱም ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቕሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ጌሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ክትቅደስ ርስሓትን ወይ ዕጣር ወይስ ዝመስል ዘይብላ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማሕበር ንዕኡ ምእንቲ ከቑማ ርእሱ በጃ ሃበ።" ኤፌ 5፥25-27

ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ተጸዋዒ ናይ ሓዳር ብስርዓት ኣምላኽ ሰብኣይ እዩ። ስለዚ ድማ ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ ከምኡ ንሰበይቱ የፍቅራ ዝብል ዘሎ። ክርስቶስ ብመጀመርታ ንማሕበሩ ከምዘላቶ እዩ ኣፍቂርዋ ርእሱ ብምሃብ ድማ ተበጅይዋ፡ ይኹን እምበር ንዕኡ እትበቅዕ ፍጽምቲ ጌሩ መታን ከቑማ ኩሉ ግዜ እዩ ዘፍቅራን ካብ ኩሉ ዘጽርያን። ሎሚዉን ሰብኣይ ሓላፍነቱ ብምርዳእ መጀመርታ ንሰበይቱ ከምዘላቶ ይቕበላ፡ የፍቅራ ካብዚ ብምብጋስ ግና ነቲ ሓዳር ምሉእ ቅርጺ ናይ ምትሓዝ ሓላፍነት ናቱ ምዃኑ ብምግንዛብ ኩሉነገራት ነቲ ሓዳር ቅርጹ ከትሕዞ ክኽእል ኣለዎ። ***ንሓዳርካ ከም ቃል ኣምላኽ ዝብሃግ ሓዳር ናይ ምግባር ሓላፍነትካ እዩ።*** እዚ ግና ብሓይሊ ኣይኮነን ስለዚ እዩ መጀመርታ ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቐራ ንሰበይቱ የፍቅራ ዝብል ዘሎ። ዳርጋ ዝበዝሕ ግዜ ሓላፍነትና ብምዝንጋዕ ንሓዳር ከምቲ ንደልዮ ቅርጺ ንምትሓዝ ጉንጺ ንጥቀም ኢና ብኽምኡ ዝኾነ ለውጢ ኣይመጽእን እዩ። እንታይ ድኣ ዝኾነ ጉድለት እንተሎ መጀመርታ ብፍቕሪ ከምዘለዎ ተቐቢልካ ነዚ ነገር ርእስኻ ብምሃብ ከይተሓለልካ ግና ንሓዳርካ ቅርጺ ከተትሕዞ ክትክእል ኣሎካ።

***ተፈጸመ!!!***

# ዜደንቕ ዛንታ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ።

.... ካብ ገጽ 15 ዝቀጸለ

እታ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ በዚ ቓል እዚ ተመሪሓ እያ ትዓቢ ዘላ። መጽሓፍ ቅዱስ ብ 1160 ቛንቋ ተትርጉሙን ተሓቲሙን ኣሎ።ካልኣይ ዜገርም ነገር ከኣ እተን ናብ ኹሉ ዓለም ወንጌል ንምዝርጋሕ ኢለን ዝቘማ ዓበይቲ ማሕበራት ወንጌላውያን ምስዮን ሽው እየን እተትኸላ። (ቃል እግዚኣብሄር ኣይእሰርን ዚብል የዘኻኽረና።) እተን ደቂሰን ዝነበራ ኣብያተ ክርስትያናት ተበራበራ። ካብቶም ቃል እግዚኣብሄር ዘንበቡ ክርስትያናት መንፈስ ቅዱስ ቃሉ ኣብርሃሎም፡ ነቲ ትእዛዝ መድሓኒና ኺፍጽሙ ድማ ልቦም ደረኾም (ማቴ 28፡ 18-20)። ቤቶምን ስድራ ቤቶምን ሓዲጎም ናብቲ ዝጸልመተ ሃገራት ከይዶም ብርሃን ዝኾነ ቓል ወንጌል ነገሩ።

በቲ ጊዜ እቲ፡ ኸምዚ ናይ ሎሚ መኪናታት ኣይነበራን እሞ፡ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ሓደ ሃገር ኪገሹ ኸለዉ ኣብቲ ዝደለይዎ ዓዲ ኸሳዕ ዚበጽሑ ንሓንሳእ ኣዋርሕ ይወስደሎ ነበረ። ኣብቲ ዝኸድዎ ሃገር ከኣ እቶም ገዛእቲ ይኹኑ እቶም ደቂ ዓዲ ሓንጐፋይ ኢሎም ኣይተቐበልዎምን። ኤረ ንብዙሓት ልኡኻት ወንጌል ብሰማእትነት እኳ ደኣ ኣሕለፍዎም።

ኣብቲ መጀመርታ መልእኽቲ ወንጌል ዝኾነ ሓንቲ ሓጻር ዛንታ ከነዘንትወልኩም፡- ኣብ ሓንቲ ሃገር ብዙሓት ሰብ ብባርነት ዚጭነቑላ ነበረት። እቶም ጐይተት እታ ሃገር ከኣ፡ ብዛዕባ ባርነት ዘይግባእ ከም ዝኾነ ኺሰምዑ ስለ ዘይደለዩ፡ ሓደ ልኡኽ ወንጌል እኳ ከይኣትዎም ከልከሉ። ሽዑ ገለ ልኡኻት ወንጌል ብገዛእ ፍቓዶም ባሮት ኰይኖም ተሸጡ እሞ፡ ናብታ ሃገር ኣተው። ምስቶም ባሮት ተሓዊሶም እናዓየዩ ኸኣ ነቶም ምስኦም ዝነበሩ ባሮት ብዛዕባ ክርስቶስ የዘንትውሎምን ይገልጹሎምን ነበሩ።

እቶም ልኡኻት ወንጌል ኣብ ኤስያን ኣፍሪቃን ደሴታትን እናኸዱ ብዛዕባ መድሓኒ ዓለም ኣበሰሩ መሃሩ። እዞም ልኡኻት ወንጌል ከኣ ምስ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ኣናተሰማምዑ ንነፍሲ ወከፍ ህዝቢ በብቛንቋኡ ቃል እግዚኣብሄር እናሃቡ ክንደይ ኣዝዩ ዓቢ ዕዮ ዓየዩን ኣስለጡን። ንሕጂ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣብ ልቢ ሰብ ምስ ኣተወ ዜስልጦን፡ ቃል ኣምላኽ ዝሰኣነ ልቢ ድማ ከመይ ኢሉ ኸም ዚቕንዞን ሕጽር ዝበለት ዛንታ እንሃትልኹም።

ሓደ ልኡኽ ወንጌል ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ኺዐዩ ኸሎ፡ ሓደ መዓልቲ ናብ ሓደ ኣዝዩ ዝሸምገለ ሹም ኣተወ። እዚ ሹም እዚ ዓይኑ ዕውር ነበረ እሞ፡ ሓደ ቈልዓ ናብኡ እናመጸ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዘንበበሉ ተረዲኡ ነበረ። እቲ ልኡኽ ወንጌል ናብኡ መጺኡ ስሙ ኺጽዋዕ ምስ ሰምዔ ተደፋኒቑ ኺበኪ ጀመረ። ኢድ እቲ ልኡኽ ወንጌል ሒዙ ኸኣ፡ ቃል እግዚኣብሄር ብቛንቋና ስለ ዝሃብኹምና ኤመስግነኹም ኣሎኹ፡ ኢሉ ኣማሰወ። ኣብ ምድሪ ኹፍ ኢሉ በጻብዕ ኢዱ መሬት እናተንከየ ኸኣ፡ ኣነ ድሕሪ ቐሩብ ጊዜ ኣብ መርየት ክምለስ እየ፡ ኣዒንተይ ዕውራት ስለ ዝኾና ኸኣ ብርሃን ጸሓይ ኣይክርእን እየ። ግናኸ ብብርሃን እምነተይ የሱስ ክርስቶስ ኣብ የማን እግዚኣብሄር ኣቦ ኰፍ ኢሉ ይርእየኒ ኣሎ። ንሱ ንነፍሰይ ኪቕበላ እዩ፡ በለ።

እቲ ልኡኽ ወንጌል ነዚ ዘይተማህረ ሰብኣይ፡ ሓደ ቈልዓ መጽሓፍ ቅዱስ ብዘንበበሉ እተረድኦን ዝኣመኖን ምስ ረኣየ፡ ልቡ ተተንከየ እሞ፡ እቲ ኣብቲ ሽዑ ዚፍለጥ ዝነበረ፡ ዓለም ዚገዝእ ዝነበረ ስሙይ ሮማዊ ሃጸይ ትራያኖ ኣብ ጥቓ ሞቱ ዝጸሃፎ ተዘከሮ፡ ሃጸይ ትራያኖ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡-

*'ሞት ቀሪባትኒ ኢያ እሞ፡ ርእሰይ ዘውዲ ኣይኪድፍኦን እዩ። ኣእጋረይ ክሳድ ነገስታት ኣይኪረግጽን እዩ። ኣእዳወይ ዘንጊ መንግስቲ ኣይኪጭብጥን እዩ። ኣእዛነይ ናእዳ ሰብ ኣይኪሰምዕን እዩ። ኣዒንተይ ጽቡቕ ነገር ኣይኪርእያን እየን። ነፍሰይ፡ ዎ ነፍሰይ፡ እንታይ ኰን ክትኰኒ ኢኺ፣'* ኢሉ ጸሓፈ።

ተራ እዛ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢትዮጲያ ዝገበረቶ ምስ እንምለኸት። ኣብ ዛንታ ቤተ ክርስትያን ተረጋጊጹልና ኸም ዘሎ፡ ኢትዮጲያ ብራብዓይ ዘመን ኣብ ግእዝ፡ ኣብቲ ዘመንቲ ህዝቢ ኢትዮጲያ ዝዛረበሉ ዝነበረ ቛንቋ ኸም እተተርጐመ ይፍለጥ። እዚ ዕዮ እዚ ብብዙሓት ከም እተገብረ፡ ካብኣቶም እቶም ትሽዓተ ቅዱሳት ኣውራታት ምዃኖም ይንገር። እዚ ቅዱስ ጽሑፋት እዚ ብግእዝ ኣብቲ ንእኡ ኢሉ 'ብኸመይ ዝበለ ጥንቃቐን ብልሓትን' እተዳለወ ብራና ብኢድ ተጻሒፉ'ዩ ዚተሓዝ ዝነበረ። ኣዝዩ ኽቡር ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ይትረፍ'ዶ ነፍሲ ወከፍ'ሲ፡ ሃብታም እተባህለ እኳ ኼጥርዮ ዘይክእል እዩ ዝነበረ። ኤረ እተን ዚበዝሓ ኣብያተ ክርስትያንውን ወንጌልን ዳዊትን እንተ ዘይኰይኑ ኣይነበረንን።

ቅድሚ ኵሉ ብቛንቋ ግእዝ እተሓትመ መጽሓፍ መዝሙር ዳዊት እዩ። ንሱ ብ 1513 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሮማ ተሓትመ። ካብቲ ዝተሓትመ መጽሓፍ መዝሙር ዳዊት ናብታ ሽዑ ርእሲ ኸተማ ዝነበረት፡ ናብ ኣኹሱም፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉስ 200 መጽሓፍቲ ሰደዱሉ። እቲ ንጉስ ድማ ነቶም ኣውራታት ሊቃውንቲ ጸዊዑ ዓደሎም። እቶም ሊቃውንቲ ቤት ማሕተምን ወረ ሕትመት መጻሕፍትን ኣይረኣዩን ኣይሰምዑን ነበሩ እሞ፡ በቲ ሓደ ዝዓይነቱ ትኽክል ዝኾነ ጽሑፍ ተደኒቖም፡ ከመይ ዝበሉ ጸሓፍቲ እዮም ጽሒፎምዎ፧ በሉ ይበሃል።

ሕጂ ናብቲ ቐንዲ ኣርእስትና ክንምለስ፡- ቅድሚ 150 ዓመት ኣቢሉ ብሩስ ዚብሃል እንግሊዛዊ፡ ኰላሊ(ዲሰካቨር) ሃገራት ፡ ኣብ ኢትዮጲያ መጺኡ ነበረ እሞ፡ ኣባ ሮሚ ዚብሃሉ ኢትዮጲያዊ ሊቅ ምስኡ ተተሓሒዞም ናብ ግብጺ ኣተዉ። ኣብኡ ኸኣ ሓደ ፈረንሳዊ ቘንስል፡ ብቛንቋ ደቂ ምብራቕ ዚግደስ፡ ናብ ቤቱ ወሰዶም። ንዓሰርተ ዓመት ከኣ ኣባ ሮሚ በቲ ቘንስል እናተሓገዙ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ግእዝ ናብ ኣምሓርኛ ተርጐምዎ። ኣባ ሮሚ ናብ የሩሳሌም ምስ ከዱ ኣብኡ ሞቱ።

ነቲ ንሶም ዝዓየይዎ ብሩኽ ዕዮኦም ድማ፡ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ብሓደ ልኡኽ ወንጌል ኣብ እስክንድርያ ኸም ዘሎ ሰሚዓ፡ መጺኣ ተሻየጠቶ። እናኣረመት ድማ በብቐሩብ ካብ 1824 ክሳዕ 1840 ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሕተመቶ።

ካብዚ ተጠቂሱ ዘሎ 818 ብምህዞ እዛ ማሕበር እዚኣ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተተርጐሞ ቛንቃታት ድማ ካብ ሽሕ ዚበዝሕ ኣሎ። ግናኸ ኣብዚ ጊዜ እዚ ንእስ ንእስ ዝበላ ዕስራን ኣርባዕተን ማሕበራት መጽሓፍ ቅዱስ ተተኺለን፡ ምስ እታ ኣብ ሎንዶን ዘላ ሓቢረን ይዓያ ኣለዋ።

ናብ ገጽ 17 ይቅጽል ....





# ዓምዲ ትምህርቲ ኣምላኽ

## 4ይን ናይ መወዳእታን ክፋል

**"ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡውን ኣብ ምድሪ ይኹን "** ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቓል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማይ ሓደ ፍጹምን ምሉእ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ከምዘሎ ምስ ገለጸ ብድሕሪኡ ድማ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ፍጹምን ምሉእ ዝኾነ ሓሳብ ኣምላኽን ምኽሪ ኣምላኽን ፍቓድ ኣምላኽን ከምኡውን ተግባራት ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ክግለጽ (ኪጋሃድ) ክንጽሊ ከምዘሎና ይምህረና። ስለዚ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣብ ምድሪ ኪጋሃድ ምጽላይና፡ ኣብ ሰማይ እንታይ ከም ዘሎ ምርዳእ ከድልየና እዩ። እዚ ካብ ኮነ ሓደ ካብቲ ኣብ ሰማይ እንታይ ከምዘሎ ብዕሙቀት ዝገልጽ መጽሓፍ፡ መጽሓፍ ራእይ የውሃንስ እዩ። ራእይ የውሃንስ ብዛዕባ ህልውን መጻእን ኩነታት ህዝቢ ዓለም እንታይ ከም ዝኸውን ትንቢታዊ መልእኽትታት ዝሓቆፈ መጽሓፍ እኳ እንተኾነ፡ ብተወሳኺውን ኣብ ሰማይ ከመይ ዓይነት ኣምልኾ ከምዘሎ ኣብሪሁ ዝገልጽ መጽሓፍ እዩ። ካብዚ ብምቅጻል ኣምላኽ ብመንፈሱ ከም ዘብርሃለይ ኣብ ውልቃዊ ህይወትና ንኣምልኾ ክሕግዙና ዝኽእሉ መንፈሳዊ ሓሳባት ክንምልከት ኢና።

### "ኣምልኾ ኣብ ራእይ የውሃንስ" "ሰማያዊ ኣምልኾ"

ብዙሓት ክርስትያናት ንራእይ የውሃንስ ከንብቡ ከለው እቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎ ፍርድታትን መከራን ኣዝዩ የፍርሆም ከምኡውን ምርድኡ ይጨንቆም እሞ ምንባቡ የቋርጹ ግናኸ ከም ራእይ የውሃንስ ገይሩ መጻኢ ተስፋታት ናይ ቁዱሳን ዝገልጽ መጽሓፍ የልቦን። ራእይ የውሃንስ ናይ መላእኽቲ ኣምልኾ ከምኡውን ሰማይዊ ኣምልኾ እንታይ ከም ዝመስልን ዝተፈላለዩ ናይ ኣምልኾ መዝሙራት ዘለዎ ኣዝዩ ግሩም ዝኾነ መጽሓፍ እዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ተለወጥና እንታይ ዓይነት ኣምልኾ ኣብ ሰማይ ከም ዝጽበይና ኣብሪሁ ዘረድኣና ኣዝዩ ዘደንቕ ሰማያዊ ምግላጽ ዝሐዘ ህያው ቃል እዩ። ሓቀኛ መልእኽቲ ናይዚ ቃል ኣብ ህይወትና እንተድኣ በሪሁልና ንምንታይ ነምልኽ ከመይ ጌርና ነምልኽ ኣጸቢቑ ክርድኣና ይኽእል እዩ። እዞም ኣብ ራእይ ዘለው


ፓስቶር ሃብተሚካኤል በራኺ

ሱራፍኤላትን ኩሩቤላትን ከምኡውን ቅድሳንን ንኣምላኽ ስለ ማንነቱን ስለቲ ዝገበሮ ዓበይቲ ተግባራትን እዮም ዘምልኹ።

ራእይ ዮውሃንስ ብመጀመርታ ዝገልጾ ምድሓንን ኣምልኾን እዩ። ራእይ 1፡5-6 "ነቲ ዘፍቅረና ዘሎ ካብ ሓጢያትና ብደሙ ዝሓጸበና ንእግዚኣብሄር ኣብኡ መንግስትን ካህናትን ክንኮኖ ዝገበረና ክብርን ስልጣንን ንዘልኣለም ኣለም ንእኡ ይኹን ኣሜን።" ኣብዚ ቃል እዚ ከም እንምልከቶ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ከም ዘፍቅረና ብኽቡር ደሙውን ካብ ኩሉ ሓጢኣትና ምንጻህን ሕድገት ሓጢኣትን ከም ዝሃበናን ናይ እግዚኣብሄር ካህናት (ከነምልኽ) ደገ ከም ዝኸፈተልና ቃል ኣምላኽ ይገልጸልና ኣብ ምዕራፍ 5፡9-10 እውን እንተተመልኪትና **"ተሐሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታት ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲካሉ ኢኻ"** ንኣምላኽ ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ጌርካዮም። ካብዚ ቃል ከም እንርድኦ እቶም ንእግዚኣብሄር ዘምልኹን ዘገልግሉን ብደም እቲ እተሓርደ ገንሸል ዝተዓደጉ ሕጂ ናይ ገዛእ ርእሶም ዘይኮኑ ናይ ኣምላኽ ሰበት ምዃኖም ይነግረና "ንኣምላኽ ዝኾኑ ሰባት ዓዲካሉ"

ብተወሳኺ ኣብ ምዕራፍ 7፡9-11 "ሓደ እኳ ክቖጽሮ ዘይክእል ሰብ ጻዕዳ ክዳውንቲ ተኸዲኖም ጨናፍር ስየ'ውን ኣብ ኢዶም ሒዞም ንኣምላኽ እቲ ዝግብኦ ክብርን ስልጣንን ስግደትን እናሃብዎ፡ ከምዚ እናበሉ ይውድስዎ ኣሜን ውዳሴን ግርማን ጥበብን ምስጋናን ክብርን ስልጣንን ሓይልን ንኣምልኽ ይኹን። ኣሜን!!" እናበሉ ንኣምላኽ ክሰግዱን ከምልኹን ከለው ንምልከት። ብድሕሪዚ ከምዚ ዝብል ሕቶ መጸ፡ እዚኣቶም እንታዋት እዮም፧ ካበይከ ዝመጹ እዮም ዝብል ነበረ፧ እቲ መልሲ ድማ ኣዚዩ ንጹርን ዘየዳናግርን እዩ ዝነበረ። "ንሱ ድማ ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹን ንክዳዉነቶም ብደም ክርስቶስ የሱስ ዘጻዕደው ምኺኖም ይምልሰሉ።"

እምብኣር እዞም የውሃንስ ብራእይ ኣብ ሰማይ ከምልኹ ዝርእዮም ዘሎ ሰባት ናይ ምድሪ ነገራት ምስ ተፈጸመ ንዘልኣለም ንእግዚኣብሄር እናምለኹ ዝነብሩ ቅዱሳን ኣመንቲ እዮም። እዚኣቶም ናይ ኣየናይ ቤተክርስትያን ኣባላት ምዃኖም ዘይኮነስ፡ እቲ ብኽቡር ደም ክርስቶስ ዝረኸብዎ ህይወት ጥራይ እዩ። "ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ብጀካ ደም ወዱ የሱስ ካልእ ዝፈልጦ ስም ኮን Denominetion የልቦን። ስለዚ ኣብዞም የውሃንስ ዝረኣዮም ቅዱሳን ነፍስኻ ሓንቲ ካብኦም ምኳና ሕጂ ኣርጊጽካ ክትርዳእን ክትፈልጥን ይግባእ። ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ግና እቲ መፍትሒ ቀሊል እዩ። ብደም ክርስቶስ የሱስ ተሓጺብካ ኣብ ሕብረት ቅዱሳን ምጽንባር እዩ።

ናብ ገጽ 6 ይቅጽል .......................

# ኣ ም ል ኾ

**.........ካብ ገጽ 5 ዝቐጸለ**

እቲ ዝዓበየ ኣብ ሰማይ ዘሎ ሓጐስ እቲ ጐይታ ዝገበሮ ናይ ምድሓን ተግባር ብምሕሳብ እዩ። ህዝቢ እስራኤል ኣብ ዘጽ 15፡1-21 ብዓቢ ሓጐስ ንእግዚኣብሄር ከመስግኑን ከኽብሩን ከለው ንምልከት። እቲ ዘምልኽሉ ዋና ምኽንያት ድማ ንኣምላኽ ስለቲ ኣብ ህይወቶም ዝገለጾ ዓብይ ምድሓን እዩ ዝነበረ። ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን እንተተመልኪትና ሉቃስ 1፡46-55 ማርያም እቲ ንዓለም ምሉእ ምድሓን ዝኸውን መሲህ ከም ዝውለድ መልእኽቲ ምስ ተነገራ፡ ካብ መንፈስን ነፍስን ዝመንጨወ ናይ ምስጋናን ኣምልኾን መዝሙር ከምዚ እናበለት ትዝምር፡ “ውርደት ባርያኡ ስለ ዝረኣየ፡ እቲ ሓያል ዓብዩ ነገር ገይሩለይ እዩ እሞ፡ ስሙ ቅዱስ እዩ።” ትብል ከምእውን ካህን ዘካርያስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ብዛዕባ እቲ ንምድሓን ዝውለድ መሲህ ምስ ተገለጾሉ፡ ብምስጋና ኣምልኾን ኮይኑ፡ ስለቲ ኣምላኽ ዝገለጾ ብዘይ ፍትርሃት ብጽድቅን ብቅድስናን ብኩሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ኻብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ንኣምላኽ ከነምልኽ ምኽኣልና እዩ ዝዛረብ። ሉቃ 1፡68-79። ኣብ ሉቃስ 2፡13-14 እውን እተተመልከትና መልኣኽ እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ንምድሓና ዝተወለደ መሲህ ምስ ኣበሰረ “ብድንገት ሰራዊት ሰማይ ተገሊጾም ንኣምላኽ ስለቲ ዝገበሮ ዓብይ ምድሓን ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ሰላም ድማ ኣብ ምድሪ ምስቶም ስምረት ኣምላኽ ዘሎዎም እናበሉ ንኣምላኽ ክዝምሩን ከመስግኑን ከለው ንምለከት። ጐይታና የሱስውን እንተ’ኾነ ብመንፈስ ኣዝዩ ከመዝተሓጐሰን ባህ ከም ዝበሎን ንምልከት። እቲ ጐይታ ኣዝዩ ብመንፈስ ዝተሓጐሰሉ ዋና ምኽንያት እንተ ተመልከትና፡ ስለቲ ኣምላኽ ካብ ጠቢባንን ኣስተውዓልትን ተመራመርትን እዛ ዓለም እዚኣ ሰዊሩ ንህጻናት ዝገለጾ ምድሓን እዩ ዝነበረ። ደጊሙውን ንደቂ መዛሙርቱ ኣጋንንቲ ስለ እተመልኩሎምን እታኣዘዝሎምን እናተሓጐሱ ምስ መጹ፡ ልዕሊ ኩሉ ብምድሓኖም፡ ማለት ስሞም ኣብ መዝገብ ህይወት ስለ እተጻሕፈ ከመስግኑን ከምልኹን ክሕጐሱን ባህ ክብሎም እዩ ዝተዛረቦም።

ብተወሳኺ’ውን ኣብ ሉቃስ 15 ሰለስተ ዓበይቲ ምስላታት ዝማሃሮ ብዛዕባ፡- ጠፊኣ ዝነበረት ድሪም እሞ እተረኸበት። ብዛዕባ ጠፊኣ ዝነበረት በጊዕ እሞ ዝተረኸበት። ከምኡውን ጠፊኡ ዝነበረ እሞ ዝተመልሰ ወዲ። ኣብ ሰለስቲኤን ምስልታት ክሳዕ ክንደይ ዓባይ ሓጐስ ከምዝኾነን ምስ ገለጸ፡ ብእትድሕን ሓንቲ ነፍሲ ኣብ ሰማይ፡ ኣብ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰራዊት ሰማይ፡ ዓብይ ሓጐስ ከም ዝኸውን እዩ ዝገለጽ።

ኣብ ቃል ኣምላኽ ብዕሙቀት ተገሊጹ ከም እንረኽቦ እቲ ዝዓበየ ከነምልኸሉ፡ ከነመስግነሉ፡ ዝግባእ ነገር እዚ ጊዝያውን ምድራውን ዝኾነ ነገራት ዘይኮነስ፡ ሰማያውን ዘልኣለማውን ዝኾነ ኣብ ህይወትና ዝተገልጸ ዓብይ ምድሓን እዩ። ኣብ መዝ.ዳዊት 40፡1-3 እንተተመልኪትና ዳዊት ኣምላኽ ካብ ከመይ ዝበለ ጉድጓድ ጥፍኣትን ካብ ረግረግ ጸብሪ ከም ዘውጽኦን ዘናገፎን፡ ኣምላኽ ከውሒ ምድሓኑ ከም ዝኾነን ዘፍርሆ ነገር ከምዘየልቦ፡ ምስ ገለጸ ኣምላኽ ሓድሽ

> *“ስለ ነገራት ዘይኮነስ ስለቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ዓብይ ምድሓን ኣምልኾና ክዓብይ ይግባእ።”*

መዝሙር ኣብ ኣፉ ከም ዘንበረን ብዙሓት ድማ እዚ ርእዮም ናብ ኣምላኽ ከምዝተውከሉ ይገልጽ። ካብዚ እንምሃሮ ዓብይ ነገር እንተሎ ኣምላኽ ንህይወትና ካብ ከመይ ዝበለ ድቅድቕ ጸልማትን ጉድጓድ ጥፍኣትን፡ ካብ ከመይ ዝበለ ረግረግ ናይ ሐጢኣት ዓዘቕትን ከም ዘውጽኣና፡ ኣብቲ ከውሒ ምድሓና ዝኾነ ክርስቶስ ከም ዘለናን ምስ እንርዳእን እነስተውዕልን ኩሉ ጊዜ ሓድሽ ኣምልኾ፡ ሓድሽ ምስጋና፡ ሓድሽ ዝማሬ፡ ኣብ ኣንደበትና ከም ዝህሉ እዩ ቃል ኣምላኽ ኣነጺሩ ዝነግረና። ዋና መልእኽተይ ሓደን ኣዝዩ ንጹርን እዩ፡ ንሱ ድማ “***ስለ ነገራት ዘይኮነስ ስለቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ዓብይ ምድሓን ኣምልኾና ክዓብይ ይግባእ።”*** እንሆ ኣምላኽሲ ምድሓነይ እዩ፡ ይኣምን ኣይፈርህን ድማ እየ። እግዚኣብሄር ሓይለይን መዝሙረይን እዩ ካብ ዒላታት ምድሓን ብደስታ ማይ ክትቀድሑ ኢኹም። ኢሰ.12፡3። እምብኣር ነዞም ኣምላኽ ንቤተክርስትያን ዝሃበና ዘመርቲ ክሳዕ ክንደይ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ናብራናን ምጽንናዕን በረኸትን ምስጋናን ከም ዝኾኑና እናዘከርኩ፡

ብዛዕባ ምድሓን ኣዝዩ ዘገርም ጺጋ ኣምላኽ፡ ብዛዕባ ደም ክርስቶስ፡ ብዛዕባ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ጽድቕን ቅድስና፡ ማለት ምስ ምድሓንና ለውጥናን፡ ከምኡውን ዘልኣለማዊ ተስፈታትናን ዝተኣሳሰረ መዛሙር ክድረሱን ክዝመሩን ክተባብዑን፡ እቶም ብዛዕባዚ ዝገልጹ መዛሙርውን ደጊሞም ክሕደሱን ክወጹን ይግባእ። ንኣብነት ዘገርም ጺጋ ናይ ኢንግሊዝኛ መዝሙር ንብዙሓት ምዕራብኣውያን ሃገራት ንለውጢ ዝኾነ መዝሙር ከም ዝዀነ ይግለጽ። ነዚ ዝኣመሰሉ መዛሙር ይዉጽኡ ማለትይ እዩ።

እቲ ካልኣይ የውሃንስ ኣብ ራእይኡ ዝረኣዮ ነገር እንተሎ ንኣምላኽ ስለቲ ዝገበሮ ምድሕን ጥራይ ዘይኮነስ “ንኣምላኽ ስለ ማንነቱ ምምላኽ እዩ”።

ሃዋርያ ዮውሃንስ ኣብ ምዕራፍ 1፡10-11 ብመዓልቲ ጐይታ ብመንፈስ ኮንኩ ኢሉ ክዛረብ እንከሎ ንምልከት ከምኡውን ኣብ ምዕራፍ 4፡2 ደጊምና እንተተመልኪትና “ሽዑ ብመንፈስ ኮንኩ ዝብል ቃል ንምልከት። ብድሕሪ እዘን ቃላት እዚኣተን ሃዋርያ የውሃንስ ኣዝዩ ዘገርም ባህርያት ኣምላኽ እዩ ዝገልጽ።። እዚ ዘመልከተና እቲ ሓቀኛ ማንነትን ባህርያትን ኣምላኽ ተረዲኡና ከነምልኾ እንተኾይና ብመንፈስ ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ።። ሓደሓደ ሓሳባት ካብ ምዕራፍ ሐደ ምስ እንምልከት።

- ክሳዕ እግሩ እተኸደነ ብቕናት ወርቅውን እተዓጥቀ ዝብል ቃል ንረክብ፡ እዚ ዘመልከተና ንጉስነትን ስልጣንን ናይ ጐይታ እዩ።
- ርእሱን ጸጉሩን ጻዕዳ ከም ጸምሪ ጻዕዳውን ከም ኣስሓይታ ዝብል ድማ ናይ ጐይታ ፍጹም ቅድስና ዘመልከት እዩ።
- ኣዒንቱ’ውን ከም ሃልሃልታ ሓዊ እየን ዝብል ድማ ናይ ጐይታ ኩሉ ናይ ምርኣይን ናይ ምቅላዕን ባህርያቱ እዩ።
- ኣእጋሩ ኣብ ሓጐዶ ከም ዝረሰነ ዘንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባኖስ ዝብል ቃል ድማ እቲ ፍጹም ዝኾነ ፍርዲ ኣምላኽ (ፈራድነቱ) ዝገልጽ ቃል እዩ።
- ድምጺ ከም ደሃይ ብዙሕ ማያት ዝብል ቃል እቲ መሎኮታዊ ስልጣን ዘሎዎ ድምጺ ኣምላኽ እዩ ዝገልጽ። ኣብ መወዳእታ

**ናብ ገጽ 7 ይቕጽል...............**





# ትፈልጡዶ፧

**እዛ** ማሕበር እዚኣ ኽትውለድ ከላ ኣዝዩ ዜጨንቕ እዋን እዩ ዝነበረ። እቲ ሓያል ሃጸይ ናፖለዮን ኣብ ኤውሮጳ ብብርቱዕ ሓይሊ ይወርር ነበረ እሞ፡ ሃገር እንግሊዝ ተሸበረት፡ ሰራዊት ኣኽቲታ ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ማኒካ ኣሰለፈቶም። ዕስራ ዚኣክል ወርሒ ንሓድሕዶም እናተሓላለዉ ጸንሑ። ኤውሮጳ ድማ በቲ ውግእ ብርቱዕ ዕግርግርን ፍልስልስን ኣትይዎም ነበረ እሞ፡ ብርቱዕ ጥሜት ኮነ። እቶም ድኻታት እኳ ዚገብርዎ ጠፊእዎም ነቲ ቖራፍ ኣእዋም ደቑሶም ምስ ሓሪጭ ሓዊሶም ይምገብዎ ነበሩ። ሳዕቤን እዚ ኹሉ ኸኣ ኣብ ኩሉ ሃገራት ኤውሮጳ ፌራ ኣተወ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኩሉ ዓለም ኣዝዩ ሒደት ነበረ። እቶም ሃብታማት እኳ ኣይነበሮምን። እዛ ማሕበር እዚኣ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኣኼባ 700 ጅኔ (ሽሊንግ፡ 14000) ኣዋጽኤት። እዚ ኽንድዚ ዚኣክል ዕዮ በቲ ዜሸግር እዋን እቲ፡ በታ ህያው ዝኾነት እምነት ብእግዚኣብሄርን ብሓይሉን እዩ ዝኾነ። ሽዑ ተቐላጢፎም ነዚ ቕዱስ ቃላት እግዚኣብሄር እናሓተሙ ነናብ ዜድልዮም ሃገራት ኪሰድዎ ጀመሩ። ኣቐዲሞም ናብ ወልስ፡ ደሓር ናብ ከተማታት ኢንግሊዝ፡ ብድሕሪኡውን ናብ ስኮትላንድን ኣየርላንድን። ቀጺሎምውን ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ዘርግሕዎ።

ነዚ ግሩም ዝኾነ ዕዮ እዚ ዝሰምዑን ዝረኣዩን ድማ ቅዱስ ምቅጻጽ ተቓጺጾም ነንሃገሮም ዚኸውን ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ተኸሉ። ኣዚ ኣብቲ ወንጌላውያን ዝደንፍዕሉ ሃገራት እናቐጸለ ኸደ። ግናኸ በቲ ጊዜ እቲ ኣብ ኩሉ ሃገራት ገንዘብ ተሳኢኑ እዩ ዝነበረ እሞ፡ እታ ናይ ሎንዶን ማሕበር ንኹለን እተን ዚመስልኣ ማሕበራት ብገንዘብ ደገፈተን። ነንማሕበር ከከም ዜድልየን ካብ 100-1000 ጅኔ ሰደደትለን። እታ ኣብ ሎንዶን ዝመደበራ ማሕበር ኩለን ኣብያተ ክርስትያን ሓቢረን ዚዓያላ ማሕበር ኣያ እምበር፡ ናይ ሓንቲ ፍላይ ቤተ ክርስትያን ኣይኮነትን። እቲ ጽሩይ ቃል ብሉይን ሓድሽን ካብቲ መሰረቱ፡ ካብ እብራይስጥን ግሪኽን እተተርጐመ ንህዝቢ በብቛንቋኡ እናሕተመት እያ እትዕድል ዝነበረት። ተመክሮ ኸም ዝመሃሮም ነቲ መጽሓፍቲ ብኸምኡ ኣብ ክንዲ ምሃብሲ ካብቲ ንምሕታሙን ንምጥራዙን ንምዝርጋሑን ባዕላቶም ዘጥፍኡሉ ዚውሕድ ገንዘብ ኣኽፊሎም ኪሸጥዎ መደቡ። ግናኸ ነቶም ኪኸፍሉ ዘይክእሉ፡ ኣብ ሆስፒታላትን ኣብ ቤት ማእሰርትን ዚርከቡ፡ ህያብ ገይሮም ይህብዎም፡ ከምኡ'ውን ነቶም ባሕረኛታትን ወተሃደራትን ምሩኻትን ንገሊኡ ኣብያተ ትምህርትን፡ ከከም ዜድልዮ፡ እናርኣዩ ብኸምኡ ይህብዎም ነበሩ። እዚ መጽሓፍ ኣዚ ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ኩሉ ተስፋን ምጽንናዕን ኣብጽሔ።

ኣብ መጀመርታ፡ ኩሉ እቲ ዕዮ፡ ብዘይ ደመወዝ ብፍቓደኛታት ሰብ ጥራይ




ይዕየይ ነበረ። ኣብያተ ዕዮ ኣይነበሮምን እሞ፡ እቲ ዚጠቓለል መጻሕፍቲ ኣብ ስድራ ቤት ይስደድ ነበረ፡ ንሳቶም ከኣ ብስርዓት ኣዳልዮም፡ ነናብቲ እተመደበ ሃገራት ይሰድዎ ነበሩ። ጸኒሑ ግና እቲ ዕዮ ስለ ዝበዝሔ፡ ከምቲ ቐድም ዚገብርዎ ዝነበሩ ጌርካ ምዕያይ ዘይክኣል ኮነ። ስለዚ ብመገዲ ንግዲ ኣመሓደርዎ።

እቶም ኣመንቲ (ናይቲ ዕዮ ፈተውቲ) ካብ ከተማ ናብ ከተማ፡ ካብ ቁሸት ናብ ቁሸት እናገሹ ይሰብኩ፡ ገንዘብውን ይእክቡ፡ ነቲ ገንዘብ ድማ ናብ ሎንዶን ይሰድዎ ነበሩ። በዚ ኸምዚ ኣሸሓት ዝኾኑ ሓገዝቲ ማሕበር ተረኽቡ። ኣንስቲውን ማሕበራት ተኺለን እቲ ፍረ ዕዮኤን ናብዚ ማሕበር እዚ ይሰድኦ ነበራ። ቆልዑ ኽይተረፉ ከምኡ ይገብሩ ነበሩ። ነዚ ብሩኽ ዕዮ እዚ ዚሕግዙ ብዙሓት እናኾኑ መጹ።

እቲ ዕዮ እናበዝሔ ብዝኸደሉ መጠን እቶም ዓየይቲ እናበዝሑ ኸዱ፡ እቲ ዚኣቱ ገንዘብውን እናበዝሔ ኸደ። እቲ ገንዘብ ካብ ድኻታትን ሃብታማትን እተዋጽኤ እዩ። ኪኣቱ ኸሎ ኸኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ልቡ ኸም ዝተንከዮ፡ በስራዝን ብብሩርን ብወርቅን ኣዩ ዚኣቱ። ከምኡ'ውን ብለበዋ እተወፈየ ብዙሕ እዩ።

እቶም ኣብ ኩላ ዓለም ዘለው ፈተውቲ እታ ማሕበር፡ ብጸሎትን ምስጋናን ሞባእን ነቓሓም ዚውዕሉላ፡ ኣብ ዓመት ሓንቲ መዓልቲ "ሰምበት መጽሓፍ ቅዱስ" እትብሃል ዓባይ በዓል ኣላቶም። እዛ ማሕበር እዚኣ ብ 1854 ዓ.ም. ማለት ድሕሪ ሓምሳ ዓመት በዓል ምስጋና ኣብዓለት። ካልኣይ ሳዕ ድማ ብ 1904 ዓ.ም. ሚእቲ ዓመት ምስ ዓየየት ኣብዓለት። ቀጺሉ'ውን 1954 ዓ.ም. ናይ መበል 150 ዓመት ዕዮኣ ኣብዓለት። ነዚ በዓል ኣዚ ዓብዩ ምድላዋት ተገብረሉ።

ከምቲ ኣቀዲምና ዝረኣናዮ፡ እቲ ዕዮ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ፡ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብ መላእ ኤውሮጳ ተሰጋገረ።

እቲ ብብዙሕ ገንዘብ ኣኳ ዘይርከብ ዝነበረ መጽሓፍ ቅዱስ በብቛንቋኦም ተተርጒሙ ብሒዶት ገንዘብ ክረኽብዎ ኸኣሉ። እቶም መጽሓፍ ቅዱስ ዘንበቡ ኸኣ እዚ ነገር'ዚ ነንህዝቦም ከመይ ዝበለ በረኸት ከምጽኣሎም ከም ዚኽእል ተረድኡ እሞ፡ ኣብ ዓዓዶም ማሕበር መጽሕፍ ቅዱስ ተኽሉ። በታ ኣብ ሎንዶን ዘላ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ተደጊፎም ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብሒዶት ገንዘብ ከም ዚረኽቦ ገይሮም ዘርግሕዎ።

*እዚ መጽሓፍ እዚ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ሰብ እተዛረቦ ቓሉ እዩ። እቲ ዜንብብ ብምድራዊ ነገር እኳ ምሁር እንተ ኾነ፡ ነቲ መንፈሳዊ ህይወቱ ብርሃን ዜብርሃሉስ እዚ መጽሓፍ እዚ ጥራይ እዩ።* እናበሉ ዘርግሕዎ።

እዛ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ በቲ ክፉእ ጊዜ ስለ እተወልደት ተገረምና።

እዛ ማሕበር ኣዚኣ ብትግርኛ ሂባትና ኸም ዘላ ትፈልጡ ኢኹም እቲ ነገሩ ድማ ዳሕራይ መዓልቲ ኽነዘንትወልኩም ኢና። ኣብ ግብሪ ሃዋ 2፡8 ። " በብዘረባኦም ኪዛረቡ ሰሚዕም ከኣ ዚብልዎ ጠፍኦም፡ ከምዚ ኸኣ በሉ፡ “ከመይ ኢልና ደኣ ኵላትና በብቲ እተወለድናሉ ቛንቋ ኺዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና፧"

**ናብ ገጽ 16 ይቅጽል ....**

# ዓምዲ ቤተሰብ

# ሓዳር

**መንፈሳዊ መበገሲ ነጥቢ ብዛዕባ ሓዳር**

**ብዛዕባ ሓዳር ክንሓስብ ከለና ክንፈልጦ ዝግብኣና ነገራትኣሎ።** ኣምላኽ ሓዳር ንሰብ ከምዘድልዮ ይፈልጥ ኔሩ እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ብፍላይ ንምድርን ኣብኣ ዘሎ ኹሉን ክፈጥር እንከሎ ሰብ ዝብሃል ኣብ መደቡ ከምዝነበረ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ንኣዳም በይኑ ከምዘይኮነ ርዱእ እዩ። እንታይ ድኣ ንኣዳም ትኸዉን ደጋፊት ብምምጻእ ብእኡም ኣቢሉ ድማ ሰባት ልክዕ ከምዚ ሕጂ ዘላቶ ንምድሪ ክመልእዎ እዚ ማለት ግና ብዘይ ብሓጥያት ካብ መጀመርታ ኣብ መደብ ኣምላኽ ዝነበረ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነቲ መደቡ ኣብ ተግባር ምስ ኣምጽኦ ማለት ምስ ጀመሮ ንሰብ ከምዚ ብማለት ዝተዛረቦ:-

"ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮም ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ድማ ፈጠሮም፡ ኣምላኽ ከኣ ባረኾም፡ ኣምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኽኣ ምልእዋን ምለኽዋን በሎም "ዘፍ 1፡፡27-28። ካብዚ ጽሑፍ ከምእንርእዮ እቲ ናይ ምድሪ ምምላእ መደብ፡ ኣብ ኣምላኽ ከምዝነበረ ኢና እንርዳእ። ማለት ንምድሪ ከዳልዋ እንከሎ ብመደቡ ንምድሪ ዝመልእ ሰብ ስለዝመደበ። ስለዚ ድማ ቅድሚ ሰብ ናብ ጋህዲ ዓለም ምምጽኡ ምድሪ ተፈጢራ ካብ ኮነት፡ ኣብ መደብ ኣምላኽ ንምድሪ ዝመልእ ሰብ ዝብሃል ከምዝሎ ርዱእ እዩ። ኣምላኽ እምብኣር ስለዚ እዩ ምድርን ኣብኣ ዘሎን ምስ ፈጠረ፡ ሓዳር ዝብሃል ዝጀመሮ። ስለዚ ኢና እምብኣር ሓዳር ሰብ ደልዩ ዘምጽኦ ከምዘይኮነ ክንርዳእ ዝግብኣና። ከምቲ ሓደ ሓደ ግዜ ዝመስለና ንኣዳም ምስ ፈጠሮ ንበይኑ ኾይኑ ምስ ረኣዮ፡ ንበይኑ ክኸውን ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ ደጋፊት ዝገበረሉ፡ ብኣጋጣሚ ዝመደቦ መደብ ኣይነበረን። እቲ ጹሑፍ ከምዚ ይብል እዩ። "እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ከኣ ሰብኣይ በይኑ ክኸዉን ጽቡቅ ኣይኮነን ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ በለ።" ዘፍ 2፡18

እዚ ሓሳብ እዚ ዘመልክተልና:-

1. ብዛዕባ ጽቡቕነት ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ምኻኑ
2. ብዛዕባ ጽቡቕነት ሓዳር ምህላው
3. ብዛዕባ ጽቡቕነት ካብ ሓደ ምኻን ክልተ ምኻን

እቲ ቀንዲ ሓሳብ ናይዚ ጽሑፍ ክንርድኦ ከሎና፡ ሓዳር ብመሰረቱ ኣምላኽ ዝጀመሮ ጅማሬ እዩ። እዚ ማለት ነቲ ሓዳር ዝብል ወይ ምግጣም ናይ ክልተ ዝተፈላለዩ ጾታ ክንርኢ እንከለና ከም መደብ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ዝተወድአ ማለትና እዩ። ብርግጽ ሎሚ ሰብ ንሓዳር ብዝተፈላለየ መንገዲ ክጅምሮ ይኽእል እዩ። ይኹን



ፓስተር ኪሮስ ተስፋይ

እምበር ሓዳር ጀማሪኡ ኣምላኽ ምኳኑ ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ። ንሕና ንሓዳር ብዝተፈላለየ ኣጀማምራ ስለንጅምሮ፡ መበገሲ ሓዳር ንሱ ኾይኑ ይስምዓና። ንምሳሌ ብምምልላይ ነዊሕ ጊዜ ብሓደ ስለዝኸድና ናብ ሓዳር ክንኣቱ ይክኣል እዩ። እዚ ንዕኡ መጀመርታ እምበር፡ ሓዳርሲ ጀማሪኡ ኣምላኽ እዩ። እዚ መንፈሳዊ መበገሲ ነጥቢ ብዛዕባ ሓዳር ምፍላጥ ኣብ ሓዳር ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ ንሱ ድማ:- ብሓዳርካ፡ ወገን-ኣምላኽ ትኸውን። እዚ ማለት ሰይጣይ ካብ መጀመርታ ዉግእ ኣንጻር ሰብ ዘይኮነስ፡ ኣንጻር ኣምላኽን ዕቤቱን ክብሩን እዩ ጀሚሩ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ኣብቲ ኣምላኽ መታን ክኸብረሉ ንኽብሩ ዝፈጠሮን ዝሰርዖን ስርዓት ምስ ተላዕለ እዩ። ነዚ ኣብነት ዝኮነና ድማ:- ሓደ ጊዜ ሚካኤል እቲ ሊቀ መላእኽቲ ምስ ሰይጣን ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ክከራኸሩ ከለዉ ንርኢ።

"ሚካኤል እቲ ሊቀ መላእኽት ግና ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ሰይጣን እናተኸራኸረ ምስ ተማጐተ እግዚኣብሄር ይግናሕካ ድኣ በሎ እምበር ፍርዲ ጸርፊ ክዛረብ ኣይደፈረን ።" ይሁዳ 1፡9 ይብለና።

ኣብዚ ጽሑፍ ከም እንርእዮ ኣማለኻኺታ ሰይጣን ኣብ ነገራት ልክዕ ማዕረ ኣምላኽ ምኳኑ ኣዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ኣምላኽ ብሚኪኤል ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ሰይጣን ዘከራኸሮ ዘሎ ጉዳይ እንታይ እዩ፧ ሰይጣን'ከ ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ኣምላኽ ንምንታይ ይከራኸር ኣሎ፧ ቅድሚ ሙሴ'ኸ ናይ እምነት ኣቦታት ኣይሞቱን ድዮም፧ ሞይቶም እባ፡ ኣቦና ኣብርሃም ሞይቱ ምስ ሰበይቱ ሳራ ድማ ተቀቢሩ ድሕሪኡ ዉን ብዓል ኢሳቅ፡ ያዕቆብ፡ ዮሴፍ ሞይቶም እዮም። ብዛዕብኦም ግና ብዛዕባ ስግኦም ኣብ መንጐ ኣምላኽን ሰይጣንን ወላ ሓደ ዝተገብረ መጕተ የለን። ኣብ ስጋ ሙሴ ድኣ 'ንምንታይ' ዝብል ሕቶ ክልዓል ግድን እዩ። ስጋዉን መንግስቲ ኣምላኽ ኣይወርስን እዩ። እሞ ስለምታይ ድኣ ይከራኸሩ ኣለዉ፧ እንተድኣ ኢልና ክልቲኦም ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ዘይኮኑስ ብዛዕባቲ ህዝቢ፡ ብዛዕባ ኣምልኾ፡ እዩ ኣገዲስዎም እዚ ማለት ድማ ሙሴ ኣብ ዝኾነ ቦታ እንተድኣ ተቐቢሩ ኣብ ዘመን ሙሴ ብፍላይ ህዝቢ እስራኤል ንኣምላኽ ብሙሴ ስለዝፈለጥዎ ናብ ሙሴ መጺኦም ከምልኹ ክጅምሩ እዮም። ሰይጣን ድማ ቅልሱ ኣንጻር ክብሪ ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ነዚኣ ነገር ክትኸዉን ፈሊጥዋ ኣምላኽ ድማ ክብሩ ንማንም ስለዘይህብ ከምኡ ክኸውን ኣይደለየን ስለዚ ድማ ዓቢ ክርክር ኮይኑ። ልክዕ ከምኡ ድማ ሎሚ ኣምላኽ ንጽቡቕ ሰይጣን ድማ ንኽፉእ ኣብ ሞንጐ ክልተ ጾታ ኣብ ሓዳር ዝግበር ምጕት ቁጽሪ የብሉን። ምኽንያቱ ሓዳር ኣምላኽ ስለዝጀመሮ ብስርዓት ክከዉን ብጽቡቕ ድማ ክፍጸም ኣምላኽ ይደሊ። ሰይጣን ድማ ብኣንጻሩ ሓዳር ብዘይ ስርዓት ክኸዉን፡ ንዝተጀመረ ድማ ክብትን ዕላምኡ እዩ። ንስኻ ግና ከም ኣማኒ እዚ ነገር እዚ እንተድኣ ፈሊጥካዮ እቲ ነገር ካልእ መንፈሳዊ ሓሳባትን ምኽርን ከምዘለዎ ስለ እትርዳእ፡ ነቲ ዘጋጠመ ነገር ወገን ኣምላኽ ክትከዉን ክትክእል ብሰናይ ነገር ክትፈትሕ ኢኻ ትፍትን። ብርግጽ እዚ እንተድኣ ጌርካ ድማ "ኣብ ሓዳርካ ወገን ኣምላኽ ኰንካ ኣለኻ ማለት እዩ"።

## ስርዓት ኣምላኽ ኣብ ሓዳር

ኣምላኽ ንኹሉ ነገር ክፈጥር እንከሎ ስርዓት ሰሪዕሉ እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ናይ ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ። እቲ ቀንዲ ሓሳብ ናይዚ ጽሑፍ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ መጽሓፍ ኤፌሶን ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ መጽሓፍ ጳውሎስ ሓላፍነት ሰብኣይን፡ ሓላፍነት ሰበይትን ኣብ ሓዳር ከመይ ክኸዉን ከም ዘለዎ ኣነጺሩ ብልክዕ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። እዚ ኣቀዲምና ዝርኤናዮ ሓሳባት መታን ናብዚ ሕጂ እንብሎ ዘለና ክንኣቱን ክንፈልጦን ዝግብኣና ሓሳብ ከም መእተዊ ኢና ክንርኢ ጸኒሕና። ሕጂ ግና ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ካብ መጽሓፍ ኤፌሶን ተበጊስና ሓላፍነት ሰብኣይን ሰበይትን ክንርኢ ኢና።

## ሓላፍነት ሰበይቲ ኣብ ሓዳር

ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ ንሱ ምድሓን ስጋ ኡ ኽኣ እዩ። ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቲ እዩ እሞ ኣትን ኣንስቲ ከም ንጐይታ ጌርክን ንሰቡእትክን ተኣዘዝኦም ከምቲ እታ ማሕበር ንክርስቶስ እትእዘዞ ከምኡ ድማ ኣንስቲ ንሰብኡትክን ተኣዘዝኦም።" ይብል።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረአናዮ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ስርዓት ስለዝኾነ፡ እቲ ኽገብሮ ዝደሊ ነገር ዋላ ካብ ኣፈጣጥራ ኣትሒዙ እዩ ብስርዓት ፈጢርዎ። ብርግጽ ኣምላኽ ኣብ ሓዳር ስርዓት ክገብር ስለ ዝደለየ ዋላ ኣብ ኣፈጣጥራ እንተድኣ ተዓዚብናዮ ንሰበይቲ ካብ ሰብኣይ ክገብራ እንከሎ ኢና ንርኢ። ከምቲ ኣቀዲምና ዝበልናዮ ሰበይቲ ብኣጋጣሚ ወይ ድማ ብዘይመደብ፡ ማለት ብተረፍ ሓሳብ ዝተፈጥረት ፍጥረት ኣይኮነትን።

ናብ ገጽ 17 ይቅጽል ........





# ኣ ም ል ኾ

.......... ካብ ገጽ 6 ዝቐጸለ

- ከምታ ብሓይሊ እተብርህ ጸሓይ ዝብል ቃል ድማ እቲ ማንም ኣብ ቅድሚኡ ጠጠው ክብል ዘይክእል ልዑል ክብሪ ኣምላኽ እዩ ዝገልጽ።።። እዚ የውሃንስ ኣብቲ መጀመርያ ብመንፈስ ምስ ኮነ ዝተገልጸሉ ማንነት ጐይታ የሱስ ክኸውን ከሎ፡ ኣብቲ ካልኣይ ጊዜ ብመንፈስ ምስ ኮነ ግና እቶም ናይ ሰማይ ፍጥረታት ከመይን ፍጥረታት ኣብ ምድሪ ዘሎ ወይስ ኣብ ሰማይ ዘሎው ወርሒ ኮነ ከዋኽብቲ ከምኡውን መላእኽቲ ብቅድስና ነዚ ንሕና እነምልኾ ኣምላኽ ዝመስሎ ከም ዘየልቦን ነዚ ምፍላጥ ድማ ዓብይ ምስትውዓል ምኳኑ እዩ ዝገልጽ። ንሕና ደቂ ሰባት ነዚ ምልኣት ቅድስና ኣምላኽ ብምልኣት ክንርድኦ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ምኽንያቱ ቅድስና ኢልና ክንሓስብ ከሎና ምስ ዝወደቐ ባህርያት ሰብ ስለ እንኣሳስሮ ሰብ ብመንፈሳዊ ሞራላዊ ኣእምራውን ከምኡውን ስጋውን ዝወደቐ ስለ ዝኾነ። ናይ እግዚኣብሄር ቅድስና ንዘልኣለም ዘይልወጥ ፍጹም ዝኾነ

## ናይ እግዚኣብሄር ቅድስና ንዘልኣለም ዘይልወጥ ፍጹም ዝኾነ ምንም ምምሕያሽ ዘየድልዮ ምልኣት ዘለዎ እዩ።

ስለምንታይ ከም ዘምልኹን እዩ ዝተገለጸሉ።

ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ 6ይ ምዕራፍውን እንተተመልኪትና እቶም ሱራፍኤላት ንእግዚኣብሄር ከየቋረጹ ዘምልኽዎ ስለ እቲ ዓብይ ማንነቱ ምኳኑ ኢና እንምልከት።

**1-** እቲ ናይ መጀመርታ ማንነት ጐይታ ዝገልጽ ባህርያት ኣምላኽ ቅድስንኡ እና ኣድነቐ ከምልኹ ከሎው ንምልከት "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እዩ ይብሉ" ኢሳ.4፡8 ኢሳ.6፡3 መጽሓፍ ቅዱስና ብተደጋጋሚ ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ብዛዕባ ቅድስና ኣምላኽ ዝዛረብ።

✦ ኣብ ዘጸ.15፡11 "ዎ እግዚኣብሄር ኣብ መንጐ ኣማልኽቲ ከማኻ ዝበለ መን እዩ ብምስጋና እተፈራህካ ገባር ተኣምራት "ብቅድስና ከማኻ ዝኸበረ መን እዩ" ይብል። ኣብዚ ቃል ከም እንምልከቶ እግዚኣብሄር ኣብ መንጐ ኩሎም ኣማልኽቲ ብቅድስና እዝዩ ዝኸበረ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ማንም ዝመስሎ ከም ዘየልቦን ይገልጽ።

✦ ኣብ እዮ.15፡15 "እንሆ ነቶም ቅዱሳኑ እኳ ኣይኣምኖምን ሰማያት ኣብ ዓይኑስ ንጹህ ኣይኮነን" ኣሸንኳይ "ሰብ እዚ ሓሰኻ ወዲ ሰብ እዚ እብእብሲ እንሆ ወርሒ እኳ ደሚቓ ኣይትበርህን ከዋኽብቲ'ውን ኣብ ቅድሚኡስ ጹሩያት ኣይኮኑን"። እዮብ 25፡2-6

ኣብ ማህሌት እስራኤል ንስኻ ቅዱስ ኢኻ መዝ.22፡3። እዞም ኣብ ላዕሊ ክንጠቕሶም ዝጸናሕና ጥቕስታት ብሓፈሻ ኣብ መንጐ ኣማልኽቲ ኮነ ኣብ ኩሉ ምንም ምምሕያሽ ዘየድልዮ ምልኣት ዘለዎ እዩ። እምበኣር እዞም ኣብ ራእይ የውሃንስ ኮነ ኣብ ትንቢት ኢሰያስ ዘለው ሱራፍኤላትን ኩሩቤላትን ኣብ ዙርያ ዙፋን ኣምላኽን ህልውና ኣምላኽን ኮይኖም ከየቋረጹ ቅድስና ኣምላኽ እናኣወጁ ንኽብሩ ክሰግዱ ከለው ንምልከት። ንሕናውን ምስ እዞም ሱራፍኤላትን ኩሩቤላትን ኮይና ብመንፈስ ቅድስና ኣምላኽ እናሐሰብና ንእግዚኣብሄር ክነምልኾን ክንሰግድን ይግባእ። "መጀመርታ ጥበብ ንእግዚኣብሄር ምፍራህ እዩ ነቲ ቅድስ ምፍላጥ ከኣ ምስትውዓል እዩ"።

**2.** እቲ ካልኣይ **ኣብ ዝፋኑ እተቐመጠ** ልዑል ኣምላኽ እናገለጹ የምልኹ። ኣብ ምዕራፍ 4 ራእይ ዮውሃንስ ጥራይ 12 ጊዜ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጠ ዝብል ቃል ተጠቒሱ ኣሎ ኣብ ምሉእ ራእይ ዮውሃንስ ድማ 46 ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። ስለዚ እዚ ቃል እዚ ኣዚዩ ኣገዳሲ ቃል እዩ። እዚ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጠ ዝብል ቃል ናይ እግዚኣብሄር ልዑላውነትን ስልጣንን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገራት ምኳኑ ዝገልጽ ቃል እዩ። እዚ ዘመልክተና ዝኾነ ይኹን ነገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣምላኽ ከምዝኾነ ካብ ቁጽጽር ኣምላኽ ወጻኢ ዝኾነ ነገር ከም ዘየልቦ ኣነጺሩ ዘብርህ ህያው ቃል እዩ። ሎሚ ኣብ ውልቃዊ ህይወትና ኮነ ኣገልግሎትና ልዑላውነት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገራት ተረዲእና ኣብ ምድርና ኮነ ኣብ ዙርያና ብዝኸውን ነገራት ከይተናወጽናን ከይተጨነቕናን ክነብርን ክንመላለስን ይ ግ ብ ኣ ና ምኽንያቱ ኣምላኽና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገራት ልዑል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ።

**3.** እቲ ሳልሳይ ተጠቒሱ **ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ** ዝብል ቃል እዩ። እዚ ቃል እዚ ኣብ ራእይ 6 ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። እዚ ቃል እዚ ድማ ኩሉ ክኣልነት ኣምላኽ ዝገልጽ ቃል ክኸውን እንከሎ ኣምላኽ ንኣቦና ኣብርሃም ዝገለጸሉ ማንነት እዩ "እዚ ቃል ብእብራይስጢ ኤልሻዳይ ዝብል ቃል ክኸውን ከሎ ምሉእ ክኣልነት፡ ብቕዓት፡ ሓይሊ ኣምላኽ ዝገልጽ ቃል እዩ። "ኩሉ ክኣልነት ኣምላኽ ምርዳእ ንምስጋናኻ የዕብዮ ንኹነታትካ ድማ የቕልሎ" ዘፍ17፡1 ኢዮብ 42፡1-2 ኣቦና ኣብርሃም በቲ ኩሉ ክኣልነት ኣምላኽ ኩነታቱ ተለዊጡ እዩ። እዮብ ኣብ መጨረሻ ካብ ዝነበሮ ሕቶን ሽግርን ወጺኡ ኣብ ዓብዪ ናይ እግዚኣብሄር ኩሉ ከኣልነት ምርዳእ ተሳገረ። ኩሉ ከኣልነት ኣምላኽ ዝተረድኦ ኣገልጋልን ዘማርን ብዛዕባ ኩሉ ከኣልነት ኣምላኽ መዝሙር ይበዝሓሉ። ከምቲ ዘማራይ እሰይ "እንታይ'ከ ኣሎ የሱስ ዘይክእሎ እንታይ ከ ኣሎ ኢዱ ዘይትገብሮ ዕብየት ስልጣኑ ንዘስተውዓሎ" ዝበሎ ማለት እዩ።

ሎሚ ብሓቂ ኣምልኾና ኣዝዩ ክልወጥን ክዓብን ኩሉ ጊዜ ከኣልነት ኣምላኽን ዕብየቱን ክንሓስብን ክንርዳእን ይግብኣና። "ሎሚ እዚስ ከመይ ኢሉ ክኸውን እዩ ኢልካ እትሐስቦን እትጭነቐሉን ጉዳይ እንተድኣ'ሎ መልሱ ከኣልነት ኣምላኽ ጥራይ እዩ። ኤር.32፡26 ማር.10፡22 ሉቃ.1፡36

**4.** እቲ ራብዓይ ሓሳብ ድማ **ነቲ ዝነበረን ዘሎን ንዘልኣለም ዝነብር** :- እዚ ቃል እዚ ድማ ዘልኣለማውነት ናይ ኣምላኽ ዝገልጽ ቃል እዩ። ጅማሬ ዘይብሉ ፍጻሜ ዘይብሉ ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ዝነብር ንበይኑ ህያው ኣምላኽ ምኳኑ እናኣወጁ ንኣምላኽ ከምልኹ ከለው ንምልከት እዚ ማንነት እዚ ድማ እግዚኣብሄር ባዕሉ ንኣቦና ሙሴ "እቲ ዘለኹ እየ ዘለኹ" ኢሉ ዝተገለጸሉ ማንነት እዩ። እዚ ማለት ኩሉ ጊዜ ህልዊ ኣምላኽ ማለት እዩ። (እብ.1፡10-12) እዚኣቶም ክጠፍኡ እዮም ንስኻ ግና ትነብር ኩሉውን ከም ክዳን ክበልይ እዩ ከም ዓለባውን ክትጥቕልሎ ኢኻ ክልወጥውን እዩ። ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ ዓመታትካውን ኣይክውዳኣን እየን ይብል።

ናብ ገጽ 8 ይቕጽል..............

# ኣ ም ል ኾ

.......... ካብ ገጽ 7 ዝቐጸለ

- ጐይታውን ባዕሉ "ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ እየ።" ኢሉ ኣሎ እብ.13፡8 የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘልኣለም ዘይልወጥ ህያው ኣምላኽ ምኳኑ ቃል ኣምላኽ ኣነጺሩ ይነግረና።

ስለዚ ከነምልኾ ከሎና ነቲ ግዜን ዘመናትን ዘይልውጦ ዘይደክምን ዘይሕለልን ዘይኣርግን ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ህያው ኮይኑ ዝነብር ኣምላኽ ነምልኾ ከም ዘሎና እናስተውዓልና ከነምልኾ ይግብኣና። (ኢሰ.40፡12 27፡30)

**5.** እቲ ሓሙሻይ ድማ መሓርን ጸጋውን ኣምላኽ ምኳኑ እናኣወጁ የምልኹ፡ ኣብ ምዕራፍ 4 ቁጽሪ 3 እንተተመልኪትና **ዝፋን ኣምላኽ ቀስተ ደመና ከቢብዎ** ከም ዘሎ እቲ ቃል ይገልጽ። እዚ ቀስተ ደመና እዚ ድማ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 9 እንተ ተመልኪትና ናይ እግዚኣብሄር ቃል ኪዳንን ምሕረትን ጸጋን ዝገልጽ ምኳኑ እዩ ዘብርህ። ስለዚ ከተምልኽ እንከለኻ ዝፋን ኣምላኽ ብቀስተ ደመና ተኸቢቡ ከም ዘሎ እናስተብሃልካ ኣምልኽ። እዚ ማለት ናይ እግዚኣብሄር ኪዳንን ምሕረትን ጸጋን ማለት እዩ። ኣብ ኢሰ.54፡9-10 እንተ ተመልኪትና ኣኽራን እኳ እንተዘበሉ ኮሮቢትውን ነነይ እንተበሉ ናይ እግዚኣብሄር ኪዳንን ምሕረትን ርሕራሔን ግን ፈጺሙ ከም ዘይልወጥ ቃል ኣምላኽ ኣነጺሩ ይዛረብ። ኩሉና ከም እንፈልጦውን ዳዊት፡ ኣምልኾ ዝበዝሐሉ ባርያ ኣምላኽ ከም ዝነበረ ቃል ኣምላኽ ኣነጺሩ ይነግረና። ከም ዳዊት ገይሩ ድማ ብዛዕባ ምሕረት ኣምላኽን ሳህሉን ዝዘመረ ናይ ኣምላኽ ሰብ የልቦን። ካብ ምንታይ ዝተላዕለ እዩ፧ እዚ ክኸውን ክኢሉ ኢልና እንተሓሰብና፡ ዳዊት ብዛዕባ ምሕረት ኣምላኽ ዝነበሮ ምርዳእ ኣዝዩ ዓብይ ምኳኑ ጥራይ እዩ መዝ.23፡6።

**6.** ሻድሻይን ናይ መወዳእታን ስለ ፈጣሪነቱ እናሓሰቡ የምልኽዎ "ዎ ጐይታናን ኣምላኽናን" **ንብዘሎ ንስኻ ፈጠርካዮ** ከም ፍቓድካውን ኮይኑ ተፈጢሩ እዩ እሞ ንስኻ ክብርን ስብሓትን ስልጣንን ንምውሳድ ብቑዕ ኢኻ። ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ቃል ዮውሃንስ ብራእይ ብምልኦም ናይ ሰማይ ፍጥረታት ነቲ ዝፈጠሮም ኣምላኽ ከምልኹ ከለው ይምልከቶም። እዚ ዘረድኣናን ዝምህረናን ነገር እንተሃለወ ፍጥረት ብምሉኡ ንፈጣሪኡ ከምልኽ ከምዝተፈጥረ እዩ። መዝ.150፡6 ትንፋስ ዘሎዎ ኩሉ ንእግዚኣብሄር ከምልኽ ከምዘሎዎ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። ኣብ ሮሜ.1፡24-25 ኣብ ክንዲ ንፈጣሪ ንፍጡር ስለ ዘምለኹ ንሕሱር ኣእምሮ የሕሊፉ ከም ዝሃቦም ቃል ኣምላኽ ይነግረና።

- እምብኣር ብሐቂ ንኣምላኽ ከተምልኽ እንተኾንካ ብመጀመርታ ዝተፈጠርካሉ ዋና ዓላማ ንእግዚኣብሄር ምምላኽን ምኽባርን ምኳኑ ኣዚኻ ከተስተውዕል ይግባእ።
- ኣብ ራእይ የውሃንስ ሐደ ካብቲ ኣዝዩ ደስ ዘብል ቃል ተጻሒፉ እንረኽቦ እሞኸኣ ብተደጋጋሚ ተገሊጹ ዘሎ "ክብርን ስብሓትን ኣምልኾን ስልጣንን ሓይልን ክወስድ ብቕዓት ዘለዎ እቲ ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ ዘሎ ጐይታ የሱስ ጥራይ ምኳኑ እዩ"።

> ***ብሐቂ ንኣምላኽ ከተምልኽ እንተኾንካ ብመጀመርታ ዝተፈጠርካሉ ዋና ዕላማ ፡ንእግዚኣብሄር ምምላኽን ምኽባርን ምኳኑ ኣዚኻ ከተስተውዕል ይግባእ።***

- ብዘይ ጐይታ የሱስ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ ወይስ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ኣምልኾ ክብሪ ስልጣንን ምስጋናን ስብሓትን ክወስድ ብቕዓት ዘሎዎ ወላሓደ ከም ዘየለ ኣነጺሩ ቃል ኣምላኽ ይምህረና።
- ብተወሳኺ ኣብ ራእይ የውሃንስ ኣዝዩ ንልበይ ዝተንከፎ ናይ ኣምላኽ ሚስጥር እንተሎ እቶም 24 ሽማግለታት ከምልኹ ከለው ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበልዎ ኣኽሊላት ኣብ ርእሶም ከም ዝነበረ ግናኸ ከምልኹ እቲ ካብ ኣምላኾም ዝተቐበልዎ ክብሪ ንዕኡ እናደርበዩ እናኣግዝኡ ከምልኹ ከለው ንምልከት፡ "ክብሮም ንምምላኽ ኣይከልከሎምን" ብኣንጻሩ ክብሮም ንኣምላኽ ኣግዚኦም ከምልኹ ከለው ንምልከት።
- ሎሚ ንእግዚኣብሄር ብምልኣት ከይነምልኾን ከይነኽብሮን ዝኸልከለና ዘበለ ኩሉ ንእግዚኣብሄር ከነግዝኦ ይግብኣና። እዚ ማለት መንነትና ጥበብና ገንዘብና ጸጋና ሽምና ወዘተ… ኩሉ ንእግዚኣብሄር ክግዝኦ ይግባእ። ***"ክብሩን መንነቱን ንእግዚኣብሄር ዘየግዝአ ኣገልጋሊ ወይ ኣማኒ ብሓቂ ንእግዚኣብሄር ከምልኽ ኣይክእልን እዩ"።***
- እምብኣር ኣብ መወዳእታ ሓደ ነገር ክገልጽ እሞ ክውድእ። ንሱ ድማ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ኣምልኾን ክብርን ስልጣንን ሓይልን ክወስድ ብቕዓት ዘለዎ ጐይታ ምኳኑ እኳ እንተተመልከትና ግናኸ ኣብ ራእይ የውሃንስ ምዕራፍ 12፡9-10 ኣምልኾ ክወስድ ስለ ዝደለየ ዝተደርበየ ጸላኢ ከም ዘሎ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። ሰይጣን ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ እቲ ንእግዚኣብሄር ጥራይ ዝግባእ ክብርን ኣምልኾነ ክወስድ ኩሉ ጊዜ ምስ ጻዓረ እዩ። ብፍላይ ኣብቲ ናይ መጨረሻ ዘመን ብመገዲ እቲ ጸረክርስቶስን እቲ ሓሳዊ ነብይን ኣቢሉ ብዙሓት ከምልኽዎን ክሰግዱሉን ከምዝገብር ቃል ኣምላኽ ብንጹር ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ራእይ 13፡4 6፡8
- ሰይጣን ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝኣክል ከምልኾን ክሰግደሉን ምፍታኑ ዘይሐደገ ንዓናውን ብዝተፈላለየ መገዲ ካብቲ ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ከውጽኣና ክፍትን ይኽእል እዩ።
- ሎሚ ከም ኤልያስን ዳንኤልን ማርዶካይን ሚሻኤልን ኣዛርያን ሃናንያን እግዚኣብሄር ንዘይከብረሉ ነገር ኣይሰግድን ምባል ከድልየና እዩ።
- ኣብዚ ዘለናዮ ብዙሕ ግብሪ ኤዛቤል ዝገዝኣሉ ዘሎ ዘመን ከምቶም 7000 ንበዓል ዘይሰገዱን ዘየምልኹን ኢሉ ኣምላኽ ዝመስከረሎም ኮይና ክንርከብ ኣምላኽ ይደልየና።
- እዚ ዘለናዮ ዘመን እቲ ናይ መወዳእታ ዘመን እዩ ናብቲ ዘልኣለማዊ ዝኾነ ኣምልኾ እንሰጋገረሉ ለይትን መዓልትን ከየቋረጽና ገጽ እቲ ፍቑር ኣምላኽ እናርኤና ምስቶም ኣእላፍ ጊዜ ኣእላፍ ዝኾኑ መልኣኸቲን ቅድሳንን ባሮት ኣምላኽን ንዘልኣለም ኣለም እነምልኸሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን። ስለዚ ነዚ ዓብይን ዘልኣለማዊን ተስፋ ኣምላኽ እናሓሰብናን እናስተንተናን ንእግዚኣብሄር እቲ ዝግብእ ኣምልኾ ብምርዳእን ብመንፈስን ብሓቅን ክንህቦ ይግባእ።

**ተፈጸመ!**





# "ንደቅኻ እተዉርሶም ሃብቲ"

.........ካብ ገጽ 12 ዝቐጸለ

እዚ ከምዝመጽእ ስለ ምንታይ ኣቐዲሙ ዘይፈለጠ ደቂ ነቢይ ብምኳንና ንሓፍር ኣለና በልዋ።"

*ኣዲኦም ግና ሕቑኣ ተዓጢቓ "ስምዑ እዞም ደቀይ ደቂ ነቢይ ምኳን ኣየሕፍርን እዩ። ካልኦት እዚ ዕድል ኣይረኸቡን። እወ ልክዕ እዩ ኣቦኹም ገዲፍዎ ዝኸደ ገንዘብን ወርቅን የልቦን! ግና ካብ ወርቅን ካብ ብሩርን ዘበልጽ ነገር ኣውሪሱና ከይዱ ኣሎ። እዚ ከኣ ኣብ ገዝና ተዘይኮይኑ ኣብ ካልእ ገዛ ዘይርከብ ሃብቲ እዩ ስለዚ እዞም ደቀይ ህድኡ ባሮት ኣይትኾኑን ኢኹም እቲ ኣቦኹም ዘምልኾ ኣምላኽ እንታይ ከምዝገብር ክትርእዩ ኢኹም በለቶም።*

እወ እቶም ደቃ ከምዝበልዎ እቲ በዓል ዕዳ ነቲ መዝገብን ምስክራትን ሒዙ መጸ። ነቶም ደቂ ነብይ ኣብ ምንታይ ዓይነት ስራሕ ተዋፍሮም ብዙሕ ገንዘብ ከክስቡኒ ይኽእሉ እዮም እናበለ ይሓስብ ነበረ። ኣብ ኣእምሮኡ ከኣ እታ ሰበይቲ ነቢይ ነቲ ገንዘብ ክትረክብ ትኽእል እያ ዝብል ግምት ኣይነበሮን። እዚ ከኣ ኣብ ብዘላ እታ ሃገር ፍሉጥ እዩ ኔሩ።

ኣብቲ ዓዲውን ናይዚ በዓል ዕዳ ናብቲ ነቢይ ገዛ ምምጻእ ምስተነግረ ፍጻሜ ናይቶም ቆልዑ ንኽርእዩ ኩሎም ጐረባብቲ ተኣኪቦም ነበሩ። እታ ሰበይቲ ግና ህድእ ኢላ ነቲ ሰብኣይ ኣዘረበቶ ነቶም ደቃ ሒዛ ከተረክቦ ብዘይምምጻኣውን ሕጉስ ኣይነበረን። ንሳ ግና እቲ ገንዘብ ክኸፍላካ እየ ቁሩብ ጊዜ ሃበኒ በለቶ። እቲ በዓል ዕዳውን እዛ ሰበይቲ ከምዚ ዓይነት ግርማ ሞገስ ከምዘለዋ ቅድሚ ሕጂ ብዘይምፍላጡ ኣዚዩ ተገረመ። ነቲ ገንዘብ ከም እትህቦ ብጣዕሚ እያ ተኣማሚና ዘላ ገለ ሰብዶ ተስፋ ሂብዋ ይኸውን? ክኸውን ከኣ ኣይክእልን እዩ ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ተስፋ ዚህብ ሰብ ኣብዚ ኣካባቢ ከምዘይርከብ ርግጸኛ እዩ ኔሩ። "ደሓን ክህበኪ እየ" በላ። ንሳ ግና ገዝኣ ዓጺያ ምስደቃ ናብ ጸሎት ፕሮግራም ኣተዉ።

ንሳ ክተጽሊ ከላውን 'ዎ ኣምላኽ ሰብኣየይሲ ከመይ ይፈርሓካ ከምዝነበረ ትፈልጥ ኢኻ ኣነ ሰበይቱውን ምስክር እየ። ሰብኣየይ ሞይቱ ብሓዘን ዘለኹዋ ከይኣኽለንስ ደቀይ ተሸጊሮም ኢለ ጉሄ ነበርኩ። እንደገና ከኣ ደቀይ ብባርነት ክወስዱ ከለዉ ክርኢስ ንዓይ ይኾነለይ'ድዩ፧ እዚ ክበጽሐኒ ከምዘይትፈቅድ ይኣምን እየ። ንኣገልግሎት ሰብ ሪኢካ ከኣ እትርስዕ ገፋዒ ከምዘይኮንካ ይፈልጥ እየ። ጸሎት ባርያኻ ድኣ ስማዕ! ናይ ሃና ጸሎት ዝመለስካ ኣምላኽ እስራኤል ድሕሪ ሕጂ ኣብ ቅድሜኻ ኮነ ኣብ ቅድሚ ሰባት ሕዝንቲ ኮይነ ኣይረኣን ደቂ ነብይ ይትረፍ ባሪያ ክኾኑ ጠሚዮምውን ዝበሃል ተሰሚዑ ኣይፈልጥን'ዩ።
ኣቦና ዳዊት ኣብ መዝሙር ምዕራፍ 37 ቁጽሪ 25

ንእሽቶ ነበርኩ ኣሪገ ኸኣ እኔኹ
ግናኸ ጻድቕ ተሓዲጉውን
ዘርኡ እንጌራ ኪልምኑን
ከቶ ኣይርኣኹን ዝበሎ ቃል ኣሎ

ኣነ ነዚ ቃል ይኣምኖየ ባርያኻ ጥራይ ኣብ ቅድሜኻ ምጐስ እርከብ በለቶ።"

ሽዑ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልባ ንነቢይ ኤልሳእ ኣዘኻኩርዋ ክትከይድ ሓሰበት በቲ እዋን ናብ ነቢይ ክትከይድ ከለኻ ጥራሕ ኢድካ ኣይክየድን ነበረ እንታይ እሞ ሒዘሉ ክኸይድ እየ ኢላውን ኣብ ሓሳብ ኣይጠሓለትን ሰብኣያ ካብ ወርቅን ብሩርን ዝበልጽ ንብረት ብሓደራ ከምዘቐመጠ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ገሊጹላ ነበረ። እዚ ሃብቲ ከኣ ንኣምላኹ ብፍትሃት ተደሪኹ ዘገልገሎ ኣገልግሎት እዩ ኔሩ። ብዛዕባ እዚ ሃብቲ ንኻልኦት ሰባት እንተነገረቶምውን ኣይኣምንዋን'ዮም ክኣምና ዝኽእል ሰብ እንተሎ እቲ ዓሰርተው ክልተ ጽምዲ ብዕራይ ሓዲጉ ንኣምላኹ ከገልግል ዝቆረጸ ነብይ ኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ ጥራይ እዩ ኔሩ።

ስለዚ ናብኡ ክትከይድ ተዳለወት ንደቃ ከኣ ኣብ ገዛ እናጸለኹም ጽንሑኒ በለቶም። ኣቦኹም ንዕዳና እንኸፍሎ ሃብቲ ኣቐሚጡልና ኣሎ በለቶም። እቶም ደቃ ነዚ ምስ ሰምዑ ከኣ ገጾም በርሀ ነዲኦም ተደኒቖም እናጠመትዋ ኣቦና ኣበይ እዩ ዘቐመጦ በልዋ።

ኣዲኦም ከኣ ናብ ሰማይ እናርኣየት ኣብ ላዕሊ በለቶም እዚ እናተዛረበት ከላ ከኣ ከምዚ ዝብል ቃል ናብ ልባ መጸ እቲ ቃል ኣብ ምሳሌ 14፡27 ዘሎ ክፍሊ እዩ።

"ጽኑዕ እምንቶ ኣብ ምፍራሕ እግዚኣብሄር እዩ።
ንደቁ ከኣ ጸግዒ ይኾኖም።"

ናብ ኤልሳዕ ድማ መጸት በለቶ ከኣ፡ ንሰብኣየይሲ ብዙሓት ጥራሕ ኢዱ ዕዳ ሓዲጉ ዝሞተ ሰነፍ ይብልዋ ገሊኦም ከኣ ንነቢይነት ኣገልግሎት ኣይተጸውዔን ኔሩ እምበር ደቁ ባርያ ክሳብ ዝኾኑ ኣይምተሸገረን ይብሉ ኣለው። እቲ በዓል ዕዳውን ንሰብኣየይ እናጸረፈ ይፍክር ኣሎ ደቀይውን ኣቦና ባርያ ገይሩና ሞይቱ እናበሉ ንሰብኣየይ ይጉህይሉ ኣለው።

ኣብ ልዕሊ ሰብኣየይ ሓቐኛ ርእይቶ ዘለካ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንስኻ ጥራይ ኢኻ ጊልያኻ ሰብኣየይ ክንድየናይ ንእግዚኣብሄር ዝፈርሕ ኣብ ኣገልግሎቱ ከኣ ዝጥንቀቕ ከምዝነበረ ኣነ ክነግረካ ኣየድልየካን። ነቲ ዝተሰወረ እኳ እትፈልጥ ነቢይ ኣምላኽ ኢኻ። ንኣምላኽ ምግልጋል ከኣ ኣብ ዓለም ካብ ዝርከብ ሃብቲ ኩሉ ከምዝበልጽ ይኣምን እየ በለቶ።

ኤልሳዕ ሰሚዕዋ ደንገጸላ እወ ሰብኣያ ሓቐኛ ቅጥፈት ዘይፈልጥ ንእግዚኣብሄር ዝፈርሕ ሰብ እዩ ኔሩ። እናበለ ብውሽጡ ክምስክርን ምስ ኣምላኹ ከዛራረብን ጀመረ። "ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽይ መታን ሽምካ ክኽብር፡ ኣብ ቤታ ብዘሎ ንእሽቶይ ነገር ክትባርኻ እልምነካ ኣሎኹ። እኣምን'የ ክኣ" በለ። "እንታይ እሞ ክገብረልኪ፧ ኣብ ቤትኪ ዘሎኪ ንገርኒ በላ፧ ንሳ ከኣ... "ገረድካ ብጀካ መቐርሰሚቶ ዘይቲ ኣብ ቤት ገለ እኳ የብላን በለት። ሽዑ ንሱ በላ፡ .... ኪዲ እሞ ካብ ወጻኢ ካብ ኩለን ጐረባብትኺ ጥራዩ ዝኾነ ጐይብታት ለምኒ ኣይተዉሕድዮ ድማ። እተዊ ድሕሬኽን ድሕሪ ደቅኽን ከኣ ማዕጾ ሸጉሪ። ናብ ኩሉ እዚ ጐይብታት እዚ ከኣ ኣዕርቕዮ ዝዝመልኤ ድማ ኣግልስዮ"

ናብ ገጽ 9 ይቕጽል ..........



# መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ

## "ንደቅኻ እተዉርሶም ሃብቲ"

ብክፍሎም ገ.የሱስ

ካብ ኣንስቲ ደቂ ነብያት ድማ ሓንቲ ሰበይቲ ናብ ኤልሳእ ሰብኣየይ ጊልያኻ ሞይቱ እዩ፡ ጊልያኻ ኸኣ ፈራህ እግዚኣብሄር ከምዝነበረ ትፈልጥ ኢኻ ብዓል ዕዳ ንኽልቲኦም ደቀይ ወሲዱ ባሮቱ ኪገብሮም መጺኡ ኣሎ ኢላ ጠርዔት። 2ነገ.4፡1

እዛ ሰበይቲ ምስ ሰብኣያ ብዙሕ መደብ ዝነበሮም እዮም። ዓብይ ርእሰማል ዘውፍሩሉ ስራሕ ግን ከምቲ ዝተጸበይዎ ኣይሰለጦምን እወ ብዙሕ ግዜ ካብ ደቂ ብርሃን ደቂ ዓለም ዓብለሎም ዝርከቡሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን ምኽንያቱውን ዓለም ነቲ እትሓቶ ዘይሞራላዊ ግብሪ ብዘይስክፍታ ይገብርዎ ብልሽውና ንዕኦም ከም ሓደ ናይ ስራሕ መሳለጢ ጥበብ እዩ።

ንዘጋጥሞም ዝኾነ ጸገም ከኣ ብመማለዲ ጌሮም ክኣልይዎ ሕሊናኦም ኣይወቅሶምን እዩ። እዚ ነቢይ ደቁ ጽቡቕ መነባብሮ መታን ክህልዎም ዝክኣሎ ኩሉ ዝጽዕር ዝነበረ ሰብ'ዩ ነዚ ከኣ እዩ ልቓሕ ብምውሳድ ነቲ ስራሕ ዝጀመሮ። ይኹን እምበር ካብ መገዲ እግዚኣብሄር ወጻኢ ዝኾነ ይኹን መማለዲ ክህብ ዘይፈቱ ሰብ እዩ ኔሩ።

እዚ ከኣ ነቲ ሓሲብዎ ዝነበረ ስራሕ ኣሉታዊ ተጽዕኖ ኔርዎ ብዙሓት ኣዕርኽቱ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብሓጺር እዋን ከመይ ጌሩ ከምዝህብትም ይመኽርዎ እኳ እንተ ነበሩ እቲ ነብይ ግና እዚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኸይ ባህ ስዘየብሎ ኢደይ ኣብዚ ኣየእትውን እየ እነበለ ይምልሰሎም ነበረ ብፍላይ ነቲ ዝተለቅሖ ዕዳ ዝኸፍለሉ መገዲ ኔርዎ በቲ ዝነበሮ ሓለፍነትን ካብ እግዚኣብሄር ብዝተወሃቦ ነቢይነት ተጠቒሙ ነቲ ጉዳይ ምኣለዮ ኔሩ ይኹን እምበር ካብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ኮነ ኣብ ቅድሚ ስድርኡ ንካልኦት መዐንቀፊ ክኸውን ኣይደለየን።

ስም ኣምላኹ ዝጽረፈሉ ዝኾነ ይኹን ረብሓ ካብ ምርካብ ሞት ዝመርጽ ሰብ እዩ ኔሩ ስም ኣምላኹ እንድሕር ከቢሩ ኣብ ኣገልግሎቱ እንድሕር ዘይተነቀፈ ንስድርኡ ድኣ ኣምላኽ ኣይሐልዩሎምን ድዩ፧ ገለ ጊዜ ከኣ "እቲ ዕዳ ክኸፈሎ ዘይከኣልኩ ኣብቲ ስራሕ ብዙሕ ኣፍልጦ ስለ ዘይነበረኒ ይኸውን እዚ ድማ ናተይ ድኻም'ዩ ንኣምላኽ እሞ እንታይ ግበር ይብሎ እቲ ስርሐይ ተዝሰልጠኒ ደስ ምበለኒ ኔሩ ሕጂውን ወላ እኳ ኣብ ዕዳ እንተሃለኹውን ንኣምላኸይ ምግልጋልን ንዕኡ ምፍራሕን ኣየቋርጽን እየ።" ኢሉ ዝጨኸነ ሰብ እዩ ኔሩ።

ኣብቲ ከባቢ ኸኣ ብፍላይ ብሓጺር እዋን ድሕሪ እቲ ነቢይ ስራሕ ዝጀመሩ ሰባት ኣዚዩም ተወንጪፎም ኔሮም ስድርኦም ምቕቶት ኣብ ዘለዎ ገዛ ይነብሩ እዮም ኣለዉ ደቆም ከኣ ወለል ዝብል ቀሚስ ተኸዲኖም ኔዉ ነጀው ክብሉ ይረኣዩ እዮም። ደቂ እቲ ነቢይ ቁሩብ ቅንኣት ይስምዖም ኔሩ ኣቦኣም ግና "ኣጀኹም እግዚኣብሄር ከኽብረና እዩ" እናበለ የብርትዖም ነበረ።

መቸም እተን በቲ ዘበን ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ከምዚ ሕጂ ዘለዋ ኣንስቲ ብምኽሪ ሃብታማት እየን ኔረን። ነታ ሰይቲ ነቢይ ከኣ ከምዚ በልኣ። "እዚ ሰብኣይኪ'ዶ እምበር ጥዑይ እዩ፧ ክሳብ ሕጅ ዕድኡ ዘይከፈለ እስኺስ ቁሩብ ዘይትመኽርዮ ስሌኺ ኣብ ዝዝረበሉ ቦታ ኩሉ ክንሓፍር ጀሚርና ኣለና መሓዛናዶ ኣይኮንኩን ኢኺ በዚ ሂብካ በቲ ሓቢእካ እዩ እምበር ከመይ ጌርካ ድኣ ይከኣል እዩ። ከም ሰብኹም ዘይትኾኑ ግዳ እቲ ዘበኑ ኮይኑ እምበር ጽድቂ ድኣ መን ጸሊኡ ኣምላኽውን እኮ ይርድኦ እዩ። ወይ ከኣ ሰብኣይኪ ካብ ሰብኡትና ዝሓሸ ጻድቕ'ዶ ክኸውን ደልዩ'ዩ፧ በሊ እትገብርዮ ፍለጢ።"

ንሳውን ንሰብኣያ ብዙሕ ጸቕጢ እኳ እንተዘይገበረትሉውን ንደቃ መታን ክትብል ሓደ ሐደ ነገር ክፍትን ምኽሪ ሂባቶ ኔራ። ይኹን እምበር በቲ ዘበን ዝነበራ ኣንስቲ ንሰብኡተን ብጣዕሚ ይፈርሓ እየን ኔረን ብፍላይ ሰይቲ ነብይ ድማ ነቲ ቅብኣት ናይ ሰብኣያ ተኽብር ኔራ።

እቲ ናይ እግዚኣብሄር ነብይ ንሰበይቱን ንደቁን ዘለዎ ሰናይ ሕልሚ ናብ ግሁድ ከይመጸ ብድንገት ናብ ገዝኦም ሞት መጸ። እቲ ሃንደበታዊ ሞት ናይቲ ነብይ ኣብቲ ከባቢ ብዙሕ መዘራረቢ ወረ ኮነ። ገና ሳልስቱ እኳ ከይበጽሐ እተን ሓዘን ክበጽሓ ዝመጻ ኣንስቲ 'መሳኪን ደቁ ድኣ ሕጂ እንታይ ክወሕጦም እዩ።' እናበላ ክዛረባ ከለዋ እታ ሰበይቲ ነብይ እናሰምዔት ትበኪ ነበረት። ብደገ ከኣ እቶም ሰብኡት 'ኣየ ዓሻ ሰብኣይ ንደቁ ዕዳ ገዲፍሎም ከደ' እናበሉ መለበሚ ጌሮምዎም ይውዕሉ ነበሩ።

ነቶም ቆልዑት ዝራኣየ ሰብ ከኣ ርእሱ እናነቕነቐ ይሓልፍ እሞ "እዞም መልከዔኛታት ቆልዑ ሕጂ ባሮት ክኾኑ.... ሰነፍ ኣቦ ኣየጋጥምካ እዩ።" ይብሉ ነበሩ። እቶም ደቂ ነብይ ካብቶም ካልኦት ደቂ ገዛውቶም ዝፈልዮም ነገር ኣቦ ስለ ዘይብሎም ጥራይ ኣይኮነን በቲ ኣቦኦም ዘይከፈሎ ዕዳ ተታሒዞም ባሮት ንኽኾኑ ሕጹያት ምኻኖም እምበር ድሮ እኳ እቶም ኣዕሩኽቶም ኣብኦም ዘለዎም ኣረኣእያ ተለዊጡ ኣሎ። ባሮት ንኽኮኑ ንዝተጸለው ደቂ ድኻ ዓርኪ ክኸውን ዝደሊ ኣብቲ ከባቢ ኣይርከብንዩ ኔሩ።

እዞም ቆልዑ መጺኦም ነዲኦም "እስከ ስለ ኣቦና ንገርና እንታይከ ቁሩብ ሓዲጉልና ዝኸደ ነገር ኣሎ፡ እቶም ደቂ ገዛውትና ንስኻትኩም ባሮት ክትኮኑ ኢኹም! ኣዴኹም ትኸፍሎ ገንዘብ የብላን እናበሉ ሞኽ ኣቢሎምና ኣለው እሞ ባርነትሲ ብሰንኪ ኣቦና ድዩ መጺኡና ዘሎ፧ በጃኺ ስለ ኣቦና ንገርና። ኣቦና ኣይ ነቢይ እንድዩ ኔሩ።

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል ..........





## "ንደቅኻ እተዉርሶም ሃብቲ"

.........ካብ ገጽ 13 ዝቐጸለ

በላ። ናብ ገዛ ምስ መጸት ደቃ ኢድ ኢዳ ይርእይዋ ነበሩ። ከምታ ነጻላኣ ጥራሕ ጌራ ዝኸደቶ ሕጅውን ከምኣ ኢላ እያ ተመሊሳ። ግና ፍሉይ ሰላም ተመሊኣ ኔራ። ገጻ ከኣ የብርህ ነበረ ንደቃ ጐይብታት ከምጽኡ ምስ ነገረቶም ኣብ ኩሉ ገዛ ጐይብታት ለመኑ። ናይቲ ከባቢ ሰባትውን ኣዚዮም ተገሪሙ።

ገለ ገለ ጐረባብቲ ነዞም ደቂ ምውት'ዶ ገለ ዝተኹበሎም ተረኺበ በሉ። ካልኣት ከኣ እንታይ ዋጋ ኣለዋ ኣብኦም ድኣ ሸይጥዎም ሞተ እምበር እናበሉ ነቲ ጐይብታት ይህብዎም ነበሩ ዝተረፎም ገዛ ከኣ ኣይነበረን። እቲ ማዕጾ ምስተሸጐረ እቲ ዘይቲ ክውሕዝ ጀመረ ኣዚዩ ዘንጸባርቕ ፍሉይ ዘይቲ እዩ ኔሩ። ኩሉ ጐይብታት በብተራ ቀሪቡ ዘይቲ ይመልእ ኔይሩ። እቶም ቆልዑ ብምግራም ኣፎም ከፊቱ ዘይውዳእ ዘይቲ! እወ እቲ ዘይቲ ዘይውዳእ እዩ ኔሩ። እቲ ጐይቢ ተወዲኡ እምበር። ሽዑ እቶም ቆልዑ ኣዲኣም ዝነገረቶም ነገር ዘከሩ። ኣቦኦም ለከ ዕዳ ኣይኮነን ገዲፉሎም ዝኸደ ብፍርሃት ንእግዚኣብሄር ምግልጋል ካብ ወርቂ ዝበልጽ ሃብቲ ምኳኑ ከኣ ከስተውዕሉ ጀመሩ። ሽዑ ኣዲኣም ከምዚ ክትብል ናይ ምስጋና መዝሙር ዘመረት፡-

"እቲ ህያው ኣምላኽ ንጐደሎይ መልኦ
ዕዳይ ኸፈለ ረኺበ ዝበልዖ"

ደቃውን ብሓንሳብ ምስኣ ክዝምሩ ጀመሩ። ብሓቂ ጥዑም ናይ ምስጋና መዝመር እዩ ኔሩ። ድሕሪኡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ መጺኣ ነገረቶ ንሱ ድማ፡ 'ኪዲ እቲ ዘይቲ ሽጢ እሞ ዕዳኺ ክፈሊ። በቲ ዝተረፈ ከኣ ንስኽን ደቅኽን ተናበሩ' በላ።

እወ ደቂ ነብይ ክጠምዩ እግዚኣብሄር ኣይፈቅድን እዩ ምእንቲ ስሙ ኢሎም ዝተነቐፉ ዝተኣሰሩ ኣብ ሓቂ ጸኒዖም ንዝፈርሕዎ ኣገልገልቲ ደቆም ንሓዋሩ ክስእኑ ኣይሓድጎምን'ዩ።

ሰበይቲ ነብይ ንቁሩብ ጊዜ ክትሸገር ትኽእል እያ። ኣምላኽ ግና ነቲ ሽግር ናብ ሰናይ ክቕይሮ እዩ። ሽዑ ኣብ ማእከል ኣንስቲ ሽም ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኣ ክጽዋዕን ክትከብርን እያ። ደቂ ነብይውን እታ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ገዝኦም ክትሰርሕ ስለዝርእዩ ምሉእ ዘበኖም ከኣ ምስክራት ናይቲ ህያው ኣምላኽ ክኾኑ እዮም።

እቶም ደቂ ነብይ ነቲ ዘይቲ ክሸጡ ምስወጹውን፡ እቲ ሰብ ናይቲ ከባቢ ብጣዕሚ እዩ ተገሪሙ እቲ ዘይቲ ከኣ ፍሉይ እዩ ኔሩ። ከምቲ ኣብ ዕዳጋ ዝርከብ ሕሱር ዘይቲ ኣይነበረን ዝዓደገ ሰብ ኩሉ ብመቐረቱ ኣዚዩ ተደነቐ ብዙሕ ሰብ ናብቲ ገዝኦም ዘይቲ ክዕድግ ይመጽእ ስለ ዝነበረ እቶም ቆልዑ ነቲ መንደቕ ጽቡቕ ጌሮም ለበጥዎ፡ ነቲ መገዲውን እምኒ ኣንጸፍሉ። ብሐጺር እዋን ብዛዕባ ናይ ኣቡኦም ዝተሓብኤ ሃብቲ ክዝረብ ጀመረ። ኣቶም ኣብ ልዕሊ እዚ ነብይ ክፍእ ዝተዛረቡ ኩሉም ተጣዕሱ። "ሓደ ዓሻ ሰብ ዘይኮነስ ለካ ዓድና ሓደ ጠቢብን መስተውዓልን ሰብ እያ ስኢና ዘላ" እናበሉ ናይቲ ከባቢ ዓበይቲ ሰባት ክዘራረቡ ጀመሩ።

እቲ በዓል ዕዳውን ነታ ሰበይቲ ነቢይ ብኽልተ ኢዱ ናይ ኣኽብሮት ሰላምታ እናሃበ ገንዘብ ተቐቢሉ ከደ።

ብልቡ ከኣ ድሕሪ ሕጂ ንደቂ ኣገልገልቲ ህያው ኣምላኽ ከኽብሮም ኣለኒ እናበለ ቃል ኣተወ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ደቂ እቲ ገዛውቲውን ንደቂ ነቢይ ከኽብርዎም ጀመሩ። ብዘላ ኣብታ ዓዲ ከኣ ንእግዚኣብሄር ብሓቂ ዘገልገል ሰብ ንደቁ ጸግዒ ከምዝኾኖም ተፈለጠ። እቶም ቆልዑውን ደቂ ነቢይ ምኳን ዘየሕፍር ምኳኑ ተረዲኦም።

ሰበይቲ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ሎሚ ሰብኣይኪ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምሳኺ ዘየሎ ነዚ ዘበን ከመይ ክሓልፎ ኢየ፡ ኢልኪ እትጉህይ ዘለኺ። ዘረባ ናይእተን ዓያሹ ኣንስቲ ንልብኺ ኣየድክሞ። እቲ ሰብኣይኪ እሙን ኮይኑ ዘገልገሎ ኣምላኽ ገፋዒ ኣይኮነን፡ ማዕጾኺ ሽጉሪ እሞ ምስ ደቅኺ ኮይንኪ ናይ ድኻም ዘረባ ከይተዛረብኪ ናብቲ ጐይብታትኪ ክመልእ ዝኽእል እግዚኣብሄር ኣእውይ ጐይታ ሕጂውን ኣይተለወጠን።

ኣቱም ኣቦኹም ኣገልጋሊ ዝነበረ ሕጂ ግና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ጥቓኹም ዘየሎ ደቂ ኣገልገልቲ። እቶም ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ዘይፈልጡ ሰባት ዝዛረብዎ ኣየሰንብድኩም። ካብ ካልኦት ኣዕሩኽትና ትሕት ኢልና ንረኤ ኣለና ኢልኩምውን ብልብኹም ኣይትሕዘኑ። ምስ ኣዴኹም ኮይንኩም ነቲ ኣቦኹም ዘገልግሎ ዝነበረ ኣምላኽ ጥርዑ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ዝጐደለኹም ኩሉ ክሳብ ዝተርፍ ክመልኦ እዩ። ሽዑ ኣብ መንገ ኣዕሩኽትኹም ኮነ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ሞጐስ ክትረኽቡ ኢኹም። **ጽኑዕ እሙንቶ ኣብ ምፍራሕ እግዚኣብሄር እዩ ንደቁ ከኣ ጸግዒ ይኾኖም።** ምሳሌ 14፡27

ኣቱም ብሓቂ ንኣምላኽ ኣገልጊልኹም ሕጂ ግና ብዝተፈላለየ ጸገም ምኽን ያት ምስ ቤተሰብኩም (ስድራቤትኩም) ዘየለኹም ኣቦታት ኮንኩም ኣዴታት ንኣምላኽ ብሓቂ ስለዝተኣመንኩምን ዘገልገልኩምን ንደቅኹም እግዚኣብሄር ዋልታ ከምዝኾኖምን ከምዝባርኾምን ንምእማን በርትዑ።

ብሓጢኣት ንዝርከብ ሃብቲ ፈንፊንኹም ብጽድቂ እትነብሩን፡ ብፍርሃት ኣምላኽ እትመላለሱን ዘሎኹም ኣሕዋት ኮንኩም ኣሓት ኣብ ኣምላኽ ተሰዊሩ ዘሎ ብናይ ኣምላኽ ግዜ ዝሸረፍ ሃብቲ ተዓቍርልኹም ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ።
***"ፈሪሃ- እግዚኣብሄር" ሎሚ ኣብ ብዙሕ ገዛ ዘይርከብ ንጽድቂ ዝጨከኑ ሰባት ግና ንደቆም ዘዉርስዎ ዕንቊ እዩ!!***

**ተፈጸመ!!!**

**ብክፍሎም ገ.የሱስ**

# ካብዚን

## ምልስ ኢለ ክዝክር

ሓጺር ግዜ ኣይኮነን ንነዊሕ እዋን'ዩ
ብድኻምን ገድልን ሓያሎ ዓመት'ዩ
ብምውዳቕ ምትንሳእ ኣብ ጽንኩር ኩነታት
ከምዘይ ሐልፍ የለን ሓሊፍ'ቲ ኩነት

ምልስ ኢለ ክዝክር ዘሕለፍክዎ
ዓቕብን ቁልቁለትን ውረድ ደይብ ዘለዎ
ክኣምኖ የሸግረኒ ብናተይ ዓቕሚ ገሚተዮ
ለካ ኤልሻዳይ'ዩ ሓይለይ ነይሩ ሰጊረዮ

መሪር ኣይተሳእነን ክብ ናይ ጻዕሪ እንጀራ
ንብሕተይ ኮይነ ንቤተይ ክዘራ
ሓሊፍ ድቃስ ዝሳኣንኩሉ ከውታ
ሎሚ ግና ታሪኽ ኮይኑ ዛንታ

ናይ ሂይወተይ መወዳእታ ሎሚ እዩ ዝበልኩሉ
የዒንተይ ጨፊነ ሞት ዝተመነኹሉ
ድቕድቕ ጸልማት ሓሊፉ ርእዩ ገሪሙኒ
ለካ ፍትወይ'ዩ ኢደይ እግረይ ሓልዩኒ

ናይ ኣብርሃም ኣምላኽ በኽናፍ ሰዊሩኒ
ለካ ጉሰቁልናዩ በዚሑ ክጉዳእ ርእዩኒ
እዚ ኹሉ ኣኽራን ኲረቢት ሰጊረዮ
ጐይታ ሓይለይ ኮይኑ እዩ ሓሊፈዮ።

ብኢሳቕ ጸጋይ

## መንፈሳዊ ኣበሃህላ

♣ኣገልግሎት ኣብ ዕረፍቲ ግዚኻ ትገብሮ ሙያ ዘይኮነስ ሰመያዊ ጽውዓ እዩ። 1ይጢሞ 1:12
♣ ኣገልግሎት መልእኽቲ ካብ ኣምላኽ ተቐቢልካ ነፍሳት ምብጻሕ ማለት እዩ። ግብ 2:22-37
♣ ንሓቂ ድሉው እንተዘይኰንካ ናብ ኣገልግሎት ኣይትሰጉም። ዮሃ 9:11
♣ ህኩይ ሰብ ምስክር ኣምላኽ ኣይረክብን እዩ። 2ይጢሞ 2:15
♣ ናይ ውሽጢ ሰብካ እንተዘይተሃኒጹ ሰማዕትኻ ኣይህነጹን እዮም። ግብ4:31

ብሚሊ

## ለካ ናይ ኣሜሪካ ኣጋንንቲ .......!

ኣበዚ ቀረባ ካብ ሓደ ኣዝዩ ግዙፍ ኣካልን ነዊሕ ቁመትን ዘለዎ ኣሜሪካዊ ሰብኣይ ኣጋንነቲ ከዉጽእ ከሎኹ፡ ነዚ ሰብኣይ ብዙሕ ከዛርቦን ክሓቶን ድሕሪ ምጽንሔይ፡ ከይተረድኣኒ ሃንደበት "ኣጋንንቲ ብየሱስ ክርስቶስ ስም ዉደቕ" ኢለ ብኣምሓርኛ ምስ ተዛረብኹ። እዚ ግዙፍ ሰብኣይ ተወርዊሩ ወደቀ። ኣነ ከኣ በቲ ኩነታት ተገሪመ፡ ለካ ናይ ኣሜሪካ ኣጋንንቲ ኣምሓርኛ ይሰምዕ እዩ በልኹ።

*ምንጪ፡- ካብ መጽሓፍ ጴራቅሊጦስ*
*ብኤፋር*

## ብመን ተመዚዘ

ሰብ ክቡር ምኻኑ ከርኢ ክቡር ዋጋ ዝኸፈለ ኣቲ ሰበይቲ ኣይፈርደክን እየ ኪዲ ካብ በለ ስለምንታይ ደው በልኩ መውገሪ እምኒ ሒዘ ኣብ ካልኦት ፍርዲ ክህብከ ብመን ተመዚዘ?
ብማዕርግ

- ቅንዕና ናይ እግዚኣብሄር ገጽ ክንርኢ ዘኽእል ናይ መንፈሳዊ ህኢወት ሕጊ እዩ።

- እግዚኣብሄር ቀዳማይ ማዕጾ ኣይዓጽወለካን እዩ፡ ግናከ ካልእ ማዕጾ ይከፍተልካ።

- እግዚኣብሄር ንሕቶካ ካብ ምምላስ ደንጉዩ ማለት፡ መልሲ የብሉን ማለት ኣይኮነን።

ብኢሳቅ





# ካብትን

## ካብ ዝተባህለ .....

- *እግዚኣብሄር ክትድይብ ኢኻ እንተኢሉኻ፡ ንሰባት ኣደይቡኒ ኣይትበል።*

ፓስቶር ሓድሽ

- *ናብቲ ኣግዚኣብሄር ምሳካ ምኻኑ ርግጸኛ ዘይኰንካሉ ቦታ ኣይትንቀሳቀስ።*

ፓስቶር ሓድሽ

- *እግዚኣብሄር ብድምጺ ብልጫ ኣይሰዓርን እዩ።*

ፓስቶር ሓድሽ

- *መዝሙር እንዝምር ስለ እንፈልጦ ዘይኮነስ ንዉሽጥና ስለዝትንክፍ ኢና።*

ፓስቶር ሃብተ ኣዳነ

*ብኤፋር*

## ክርስትያን ማለት ...

ክርስትያን ማለት እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ብቓል ኣምላኽ ንርኣዮ። ስለ ክርስትያን ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ከብርሃልና ዝኽእል የለን። እሞ ክርስትያን ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ንርኣይ።

1. ክርስትያን ካብ ሞት ናብ ህይወት ዝተሳገረ ሰብ እዩ። **የው.5:24**
2. ክርስትያን ዳግም ዝተወለደ ሳዓቢ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ እዩ። **የው.3:5**
3. ክርስትያን ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ቤት መቕደስ እዩ። **1ቆሮ.3:16**
4. ክርስርትያን ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝተሳገረ፡ ካብ ስልጣን ሰይጣን ናብ ኣምላኽ ዝተመለሰ እዩ። **ግብ.26:18**
5. ክርስትያን ካብ እግዚኣብሄር ስለዝተወለደ እቲ ክፉእ ዘይትንክዮ እዩ። **1ዮው.5:18**
6. ክርስትያን ተመንን ዕንቅርቢትን፡ ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ ዝረግጽ፡ ኣብ ሓይሊ ጸላኢ ኩሉ ስልጣን ዝተዋህቦ፡ ዝጐድኦ ነገር ዘየለ። **ሉቃ.10:19**
7. ክርስትያን ካብ መፈንጥራ ድያብሎስ ዘምለጠ እዩ። **2ጢሞ.2-6**
8. ክርስትያን ካብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃን ዝተጸወዔ፡ ደግነት ኣምላኽ ዝነግር ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ ንጉስ ካህን ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ፡ እዩ። **1ጴጥ.2:9**
9. ክርስትያን ተኣምራት ዝሰዕቦ እዩ። **ማር.16:17**
10. ክርስትያን መንፈሳዊ ፍረ ዘፍሪ እዩ።**ገላ.5:22**
11. ክርስትያን ናይ ዘልኣለም ህይወት ዘላቶ እዩ። **1ዮሃ.5:13**

ምንጪ፡- ትረጉም ብፍረ የሱስ

## *ዘይውዳእ ንኣምላኽ ምስጋና*

ዘይውዳእ ንኣምላኽ ምስጋና
ሰናይ ስለ ዝሓሰበልና
ዕለት ዕለት ስለ ዝባርኸና
ይግብኦ እዩ ስለ ዘፍቀረና።
ፈቃር ኢኻ ኣምላኺይ
ተንጽሆ ኩሉ ግዜ ንህይወተይ
ንስኻ ኢኻ ቅድስናይ
ትነግሮ ኩሉ ድኻመይ።
ዝደልዮ ኩሉ ይረኽቦ ካባኻ
ዘይተሕፍር ኣምላኺይ ስለ ዝኾንካ
ካብ ሰብ ዘይ ምጽባይ ንስኻ እንኮለኻ
ወናን ኩሉ ስለ ዝኾንካ
ሕጅ ውን የመስግን ኣለኹ ንዓኻ።
ብስንብራት ቁስልኻ ጌርካ ዝፈወስካኒ
ውሽጠይ ሃዲኡ ጽቡቕ ተሰሚዑኒ
ይኣምነካ እየ ኣምላኺይ ከምዘይትጠልመኒ
ዝደለኽዎ ኩሉ ከም እትህበኒ።
ምእማነይ ንጽቡቕ ኮይኑለይ
ተስፋ ይህበኒ ኣብ ግዜ ድኻመይ
የጸናንዓኒ ኣብ ግዜ ሓዘነይ
ንኹሉ ግዜ ሓጐስ መሊኣ ሂወተይ።
ንፍለጦ ኣምላኽና ሰናይ'ዩ
ንቕረቦ ንኣምላኽና ጥዑም'ዩ
ኣይንፍራሕ ኩሉ ዝኽእል'ዩ
ጽቡቕ ዝገብረልና ንሱ'ዩ
ኩሉ ምስጋና ይግብኦ'ዩ።

*ብፍረ የሱስ*

ብክርስቶስ ዝርከብ ጸጋ፡

- ክውዳእ ዘይክእል ምሕረት
- ክመውት ዘይክእል ህይወት
- ክጥረሽ ዘይክእል በረከት
- ክልካዕ ዘይክኣል ፍቅሪ
- ክጐድል ዘይክእል ክብሪ
- ክድምሰስ ዘይክእል ጽድቂ
- ክህወኽ ዘይክእል ዕረፍቲ
- ክርበሽ ዘይክእል ሰላም
- ክጠፍእ ዘይክእል ሓጐስ
- ክጽልምት ዘይክእል ብርሃን
- ክደክም ዘይክእል ብርታዕ
- ክረክስ ዘይክእል ቅድስና
- ክሽየጥ ዘይክእል ጥበብ

ረኪብና ኢና።
ምንጪ፡- ካብ መርበብ ሓበሬታ ዝተወስደ